# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.250 ዓርቢ 19 ሰነ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ምውስዋስ ኣካላት ንምሕያል...



ገጽ 3
ዋዕላ ሃገራት ጉጅለ-7ን ውጽኢቱን


ገጽ 4
የማነ ኣብ ባሕሪ ጥበባት



ገጽ 5
ግፍዒ 3-ዓድታት ደቂደግና


ገጽ 7
ምልክታ


## ኤርትራውያን ውዳበታት ኢጣልያ ብማንዛ ንጥፈታተን ገምጊመን

ኣብ ኢጣልያ ዝርከባ ኤርትራውያን ውዳበታት፡ ብ14 ሰነ ብማንዛ ኣብ ዘቃነዐኦ ኣኼባ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ንዘዕመምኦ ንጥፈታት ብዓቢ ገምጊመን።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣብ 15 ከተማታት ኢጣልያ ብደረጃ ጨንፈርን ንኡስ ጨናፍርን ዝጥፉ ኣስታት 80 ሓለፍቲ ውዳበታት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ማሕበረኮም፡ ከምኡ'ውን ኮሚተ ሚድያን ዲፕሎማስን ክሳተፉ ከለው፡ ኣብ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ንዘተዓመ ስራሓት ብምግምጋም፡ ኣገዳሲ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

ኣብ'ዚ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያን ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማምን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤልን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ዝተኻየደ ንጥፈታት ምስናይ ብልጫታቱን ሕጽረታቱን ብዝርዝር ክግምገም ከሎ፡ ንዓመትን ፈረቓን ዝተሰርሓሉ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣቘርደት ኣብ ዓወት ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።

ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ዝሃቦ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዘተኩረ ሰፊሕን ዓሚቝን መብርሂ፡ ዘሎናዮ መድረኽ፡ ኤርትራ ሃገርና ልኡላውነታ ኣውሒሳ፡ ንዞባዊ ሰላምን ሽርክነትን ምቕሉል ኣበርክቶ ትገብረሉ ዘላ ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ንቑሕ ተሳትፎን ኣበርክቶን ሃገራውያን ውዳበታት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኣገልግሎት ቈንስላዊ ጉዳያት ኣብ ህዝቢ ንዝቐርበ ሕቶታት ዝምልስ መብርሂ ተዋሂቡ።

ብኻልእ ወገን፡ ካብ ኩለን ካንቶናት ስዊዘርላንድ ንዝተዋጽኡ ልዕሊ 100 ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ውዳበታት፡ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ13 ሰነ ኣብ ከተማ በርን ተዋሂቡ።


ኣብ'ቲ ብምትሕብባር ኤምባሲ ኤርትራን ማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ ስዊዘርላንድን ዝተወደበ ስልጠና፡ "ፖለቲካዊ ስነ-ሕሱብ ህዝባዊ ግንባር" ብዝብል ኣርእስቲ ኣስተምህሮ ዝሃበ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ሓለፍቲ ውዳበታት ብዝግባእ ንኽመርሕኡ ፍልጠት ክዓጥቁ፡ ከምኡ'ውን ንቕሓቶም ክበርኹን ፖለቲካዊ ኣፍልጦኦም ክሰፍሑን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዝተዋህቦም ትምህርቲ ናብ ውዳበታቶም ብምውራድ ብዓውዲ ስራሕ ከዕምቕዎ ተላቢዩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ እስማዒል መሓመድ-ኑር ብወገኑ፡ ውዳበታትና ዓቕምታተን ኣወሃሂደን ኣብ ሃገራዊ ዕማማት እጃመን ንኸበርክታ፡ ምብራኽ ንቕሓት ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ብዕቱብ ክስርሓሉ ከምዝድለ ኣገንዚቡ።

ኣቦመንበር ማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ ስዊዘርላንድ መንእሰይ ኢሳይያስ ሓድጉ ብወገኑ፡ ውዳበታትና ዘለወን ብልጫታትን ሃንፋትን ኣለልየን ኣድማዕቲ ምእንቲ ክኾና፡ ከም'ዚ ዝበለ ኣስተምህሮታት ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ካንቶናት ሉጋኖን ቱርጋውን፡ ምስ ባህልን ኣኽብራን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘላ ንጥፈታት ህዝባዊ ድፕሎማሲ ከምዝተዓዩ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር ብ12 ሰነ ኣብ ዘካየድኦ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ዝተሳተፎን ኣኼባ፡ መደባት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነትን ባህላዊ ፈስቲቫልን ገምጊሙ።



## መንግስቲ ኤርትራ፡ ልዕሊ 6.2 ቢልዮን ናቕፋ ደበስ ንሰድራ ስዉኣት ከፊሉ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ 2004 ክሳብ 2025 ልዕሊ 6.2 ቢልዮን ናቕፋ ደበስ ንሰድራ ስውኣት ከምዝኸፈለ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ገሊጹ።

ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ሰድራ ስውኣት ኣቶ ዘርኣይ ተኽለኣብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሰድራ ስውኣት ብመኻብቦ ከይጽገሙ፡ መንግስቲ ንመሰርሕ ምኽፋል ደበስ ኣብ 1995 ከምዝጀመሮ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ድማ ንናፍሲ-ወከፍ ስውእ 10 ሽሕ ብጥቕሉል ከምዝኸፈለ ኣረዲኡ።

ሸግር ሰድራ ስውኣት ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ ንምፍታሕ 'ኣዋጅ ደበስ ሰድራ ስውኣት ቍጽሪ 137/2003 ድሕሪ ምውጻኡ ድማ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ 2004 - ወርሓዊ ንናፍሲ-ወከፍ ስውእ 500 ናቕፋ ብስሩዕ እናኸፈለ ይቕጽሎ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዓመታዊ ንደበስ ዝኸፈል ባጀት 300 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝበጽሐ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኣይ፡ ኣብ መላእ ሃገር ቀዋምን ተንቀሳቓስን መኽፈሊ ነቑጣታት ብምዝርጋሕ፡ ሰድራ ስውኣት ብቐረባ ከምዝኽፈሉ ይገበር ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰድራ ስውኣት ነፍሰን ዝኽእላሉ ዓውዲ ብምልላይ፡ ሞያዊ ስልጠናታት ንምሃብን ብዓይነት ንምጥያስን ብዘወጸ መደብ፡ ን31,238 ሰድራቤታት ብጥሪትን ንኣሽቱ ንግዳዊ ንጥፈታትን ንምጥያስን ብድምር ልዕሊ 27 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ከምእተገበረ ኣረዲኡ።




ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝነብሩ ዜጋታት ንዝገብርዎ ኣበርክቶ ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ዜጋታት፡ ብወለንታ ሓደ ዜጋ ንኽልተ ዓመት 720 ዶላር ኣመሪካ ናይ ምኽፋል ተበግሶ ከምዝወሰዱ፣ ብቐዋምነት ዝሕዙ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝኸፈል ገንዘብ ተወሳኺ ሓገዛት እናገበሩ እቲ ናብዮት ቀጻሊ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ 22 ዓመታት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝነብሩ ዜጋታት ዝተገበረ ገንዘባዊ ደገፍ ልዕሊ 202 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝበጽሐን ንዝምልከተን 24,545 ሰድራቤታት ከምእተመቓርሐን ገሊጹ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ዜጋታት'ውን፡ ኣብ ምንባይ ሰድራ ስውኣት ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኣይ፡ ኣብ ፈለማ ኣብ ውሑዳት ሰብ ጸጋ ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ - ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ማሕበራት ተጸንቢሮሞ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ዜጋ ክስዕቦ ኣዘኻኺሩ።

**ሃገር ኣብ ሬዚን ዝኽሪ !**





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምውስዋስ ኣካላት ንምሕያል ኣእምሮ

ኣእምሮና ንምሕያል ብቐጻምነት ክንዘውትሮ ዝግበኣና ልምዲ፡ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ እዩ። ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ፡ ካብ ቃዛናት፡ ጭንቀትን ወጥርን ነጻ ክንከውን ይገብር። ምውስዋስ ኣካላት ተገንዘቦኣዊ ሓይሊ የዕቢ፡ ኩነተ-ኣእምሮ የሐድስን የሐይልን፡ ንተኽእሎታት ሕማም ኣእምሮኣዊ መትኒ የጉድል።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ብኽኢላታት ዝወሃብና ግዜን መጠንን ምውስዋስ ኣካላት ብግቡእ ምስ እንተግብሮ፡ ብሕማም ቃዛናትን ወጥርን ዝኣመሰሉ ጸገማት ኣእምሮ ክንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎ ብልዕሊ 50 ሚእታዊት የጉድሎ። ይኹን'ምበር፡ ልዕሊ 20 ሚእታዊት ኣብጽሕ ኑቲ ዝወሃብ መጠን ምውስዋስ ኣካላት ሽለል ክብልዎ ስለ ዝረኣዩ፡ ዝርአ ዘሎ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ብፍላይ ኣብ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ጌሩ ይኸይድ ምህላዉ እቶም መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ከም ምጉያይ፡ መሳልል ናይ ገዛ ምድያብ፡ እምባ ምሕኳር፡ ምልዓል ክብደት፡ ብእግሪ ምግዓዝ፡ ብሽክሊታ ምዝዋር፡ ምሕንባስ ወዘተ ኩሎም ምስ ምውስዋስ ኣካላት እዮም ዝጽብጸቡ። ኩሎም ድማ ጥዕና ኣካላት ኣሐይሎም፡ ኣካላዊ ብቕዓትና ከም ዝዕቢ ኣብ ምግባር ኣይ ገዚእ ርእሶም ጥቕሚ ኣለዎም።

ኣቓዲሞም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎም፡ ቀጻልነት ዘለዎ ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነትን ኣእምሮን ዘሎ ርክብ ስለ ዘሐይሎ፡ ካብ ወጥርን ጭንቀትን ነጻ ከም እትኾውን ይገብሩ።

ዝተፈላለየ ሰብ ምስ ኩነታት ኣካላዊ ብቕዓቱን ፍትወቱን ዝኸይድ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት ክኻይድ ይኽእል እዩ። ኣብ ክንድኡ ግን እቲ ምሳኻ ዝኾነ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ምስ ክኢላታት ተመያዪጥካ ክተዘውትሮ ዝያዳ ተመራጽን ውጽኢታውን ይኸውን።




ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ ጥዕና ዘለዎ ህይወት ክትመርሕ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ኣህላኺ ዝኾነ ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር ግና ንባዕሉ ሓያሎ ኣሉታዊ ጉድኣት እዩ ዘለዎ።

ካብ 65 ዓመት ዝዕድመኦም ልዕሊ 40 ሚእታዊት ሸማግለታት፡ ተገንዘቦኣዊ ዓቕሞም ብዝተወሰነ ዓቐን እናጎደለ ከም ዝኸይድ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ስለዚ ነዚ ብቕዓት'ዚ ናብ ንቡር ንምምላስ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ሓደ ምውስዋስ ኣካላት ምዃኑ ዘይምርሳዕ።

ምውስዋስ ኣካላት ብኸመይ እዩ ጥዕና ኣእምሮ ዘሐይሎ፧

ምውስዋስ ኣካላት፡ ሓደስቲ 'ኒውሮንስ' (ማለት ዋህዮታት ኣእምሮ) ንኽፍጠሩ ይሕግዝ። ኣብ ኣእምሮና እኹል ዝኾነ 'ኒውሮትሮፊን' (neurotrophins) ክፈሪ'ውን ይሕግዝ። 'ኒውሮትሮፊን'፡ ፕሮቲን ኮይኑ፡ ኣብ ስርዓተ መትኒ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሓንጎል (central nervous systems)፡ ዝርከቡ ዋህዮታት ዝኾዩድ ጽገናን ዕማምን ይቆጻጸር። ሓደስቲ ዋህዮታት ንኽፍጠሩን ብግቡእ ክዕብዩን የዕቁቡ።

ንጥዕና ኣእምሮ ዝበለጸ ምውስዋስ

ሚዛን ሰብነትና ዝሕሉ፡ ተዓጻጻፍነት ኣካላትና ዘሐይል፡ ዝኾነ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ክሳብ ዓቕኑ ዝተሓለወ ንጥዕና ኣእምሮ ኣገዳሲ እዩ። ኤወርቢክስን ተጻዋርነት ንምዕባይ ዝኻየዱ ከም ጉያን ምሕኳርን ዝኣመሰሉ ምውስዋስ ኣካላት ብኽኢላታት ኣእምሮ ቀዳምነት ዝወሃቦም ዓይነት ምውስዋስ እዮም። ተጻዋርነት ንምዕባይ ዘገድሱ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት፡ ንንጥፈትን ዓቕምን ኣእምሮ ኣብ ምሕያል ልዑል ግደ ስለ ዘለዎ፡ ተገንዘቦኣዊ ዓቕሚ ናይ ኣእምሮ ኣብ ምምዕባል ልዑል ተራ ይጻወት።

ኩሎም ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ሓያል ጥቕሚ'ኳ እንተለዎም፡ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ገለ ዝተወሰኑ ካብኦም ግና፡ ምውስዋስ ኣካላት ብዘይምኽያድ ዝፍጠር ጥዕናዊ ተጽዕኖ ኣብ ምጉዳል ኣይ ገዚእ ርእሶም ብቕዓት ኣለዎም።

- ብጉጅለ ዝኻየድ ምውስዋስ ኣካላት፦ ኣብ ኣእምሮ ንዝፍጠር ተጽዕኖ ብ22.3 ሚእታዊት ከጉድሎ ይኽእል።
- ብሽክሊታ ምዝዋር፦ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ክፍጠር ንዝኽእል ጸገማት ብ21.6 ሚእታዊት ከጉድሎ ይኽእል።
- ኤሮቢክስን ጅምን ዝኣመሰሉ ስሩዕ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ፦ ኣብ ኣእምሮ ንዝፍጠር ተጽዕኖ ብ20.1 ሚእታዊት ክንኪ ኣብ ምግባር ይሕግዝ። (WHO)

### ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን፧

ንጉብር ምውስዋስ ኣካላት ውጽኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ቀጻልን ስሩዕ ግዜን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ጥዕና ኣእምሮና ንምሕያል ኣብ ሰሙን 150 ደቓይቕ ምውስዋስ ኣካላት ክኻየድ እዮም ክኢላታት ዝምዕዱ። ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ሳዕ ተጻዋርነት ንምዕባይ ዝሕግዝ ከም ብእግሪ ምግዓዝ ዝኣመሰሉ ምውስዋስ ኣካላት ክኻይዱ ይምከር።

### ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ምዕባይ ሞለኩል ሰብነትና

ዝኾነ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ፈለማ ንጭዋዳታት ሰብነት እዩ ዘተርንዕ። ኩሉም ኣካላት ሰብነትና ድማ ብጭዋዳታት ዝተሃነጹ እዮም። ብግቡእ ስርሖም ክኻይዱ ድልዱልን ተዓጻጻፍን ጭዋዳ ክህልዎም ይግባእ። ንኣብነት፡ ልቢ ብግቡእ ደም ክትጭንገዕ ብግቡእ ዝተሃንጸ ጭዋዳ የድልያ።

ኣካላትና ምስ ዝውሳወሱ፡ ኣብቲ ልቢ ኣትጭንገዮ ደም፡ ሞለኩላት ተሓዊሶም ናብ መላእ ሰብነትና እንተላይ ናብ ሓንጎልና ይበጽሑ። 'ኣይሪሲን' (irisin) ዝተባህሉ ሞለኩላት ንኣብነት፡ ኣብ ሓንጎልና ንዝርከቡ ዋህዮታት 'ኒውሮንስ፡ ንምሕያል ኣገዳሲ እዩ። ምስ ዋሕዚ ደም ድማ እዩ ናብ ሓንጎልና ክበጽሕ ዝኽእል። ካብ ምውስዋስ ኣካላት ሰብነትና ግቡእ ረብሓ ክረክብ እንተኾይኑ፡ ጽቡቕ ዝኾነ ዑደት ደም ክህሉ ኣለዎ።

ብቑዕ ምውስዋስ ኣካላት፡ ዑደት ደም ስለ ዘሐይል፡ ኣብ መንጎ ሻምብቆታትን ኣብ ሓንጎል ዝርከቡ ዋህዮታት ኒውሮንስን ዝሀሉ ርክብ ዝሓየለ እዩ ዝኸውን። እዚ ንምፍራይ ናይቶም ዋህዮታት ስለ ዘተባብዕ ዓቐን ናይ ሓንጎል ከም ዝሰፍሕ ይገብር። ብኣግኡ ብሕማም ረሰዕ ካብ ምጥቃዕ ድማ ይከላኸል።

### ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥዕና መላእ ኣካላትና

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ጭዋዳታት ኣካላት ጸዓት ብምህላኽ ዝፈጥርዎ ናይ ምጭባጥን ምዝርጋሕን መስርሕ ጌርካ ይግለጽ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ - ኣካላት ምሉእ ጥዕናን ብቕዓትን ከም ዝህልዎም ይገብር።

ኣካላዊ መንቅስቓስ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከድሕን ዝኽእል ዓይነት ክንክን ጥዕና ምዃኑ ክኢላታት የመልክቱ። እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ዘይትገብር ግና፡ ብሰንኪ ኣብ ኣካላት ዝእኩብ ዘይተደልየ ስብሒ፡ ንጠንቂ ብዙሓት ዓበይቲ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ካልኦት ሓፈሻዊ ጥዕናዊ ጸገማትን ትቃላዕ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምኽያድ ኣብ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 3.2 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ። ብመሰረት'ዚ ጸብጻብ፡ ካብ 4 እኹላት ሰባት እቲ ሓደ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣየዘውትርን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምኽያድ ራብዓይ ደረጃ ጠንቂ ሞት ደቂ ሰብ ኮይኑ ተሰሪዑ ይርከብ፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘጋጥም ጠቕላላ ብዝሒ ሞት እቲ 6 ሚእታዊት ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምኽያድ የጋጥም።

ረብሓ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ እኹል ኦክስጅን ኣብ ኣካላት ብምእታው ንዝተመጉበየ መግቢ ከም ዝቃጸል ብምግባር ናብ ጸዓት ለዊጡ ልዕሊ ንቡር ስብሒ ኣብ ኣካላት ከይእኩብ ይከላኸል።

ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምኽያድ ዝርከቡ ረብሓታት፦

- ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብ ምምዕባል ይከላኸል።
- ሰራውር ደምን ጭዋዳታትን ብግቡእ ንጥፈታቶም ክኻይዱ ይሕግዝ። ኣዕጽምቲ ኣካላት የትርር።
- ኣካላውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታት የበራብር።
- ምሉእ ጥዕናን ነዊሕ ዕድመን ክህልወካ ይገብር።
- ዝተመጣጠነ ክብደትን ቁመትን ሰብነት ክትውንን የኽእል።
- ጭንቀትን ሕማም ረሰዕን ብምጉዳል ርእሰ-ተኣማንነት የዕቢ።
- ድቃስ ናይ ምስኣን ጸገም የጉድል፡ ሕማቕ ወልፍታት ካብ ምምዕባል ይከላኸል።
- ሕጉስ ከም እትኸውን ይገብር ወዘተ።

ከም ሕማም ልቢ፡ ሽኮር፡ መንሽሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማማት ኣእምሮ፡ ምኽዛን ዘየድሊ ዓቐን ስብሒ (cholesterol)፡ ሕማማት መላግቦን ካልኦትን ብጉድለት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት እዮም።

እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምትግባር ካብ ዝዕንቅፉ ነገራት፦

- ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ዋላ ንሓጺር ርሕቀት ተሽከርከርቲ ምጥቃም፡
- እቲ ባህርያት ስራሕ ብዙሕ ምንቅስቓስ ዘይጠልብ ምዃኑ፡
- ብምትእትታው ማሽነራታትን ካልእ መሳለጥያን ትሑት ጉልበታዊ ስራሕ ምኽያድ፡
- ንምንቅስቓስ ኣካላት ዝጸለመ ማሕበራዊ ማእከላይ ዘይምህላው ወዘተ።

መዓስን ብኸመይ ኣገባብን ምንቅስቓስ ኣካላት ነካይድ፧

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝሓየ ጉልበትን ዘወስዶ ንውሓት ግዜን ይፈላለ እዩ። ስለዚ፡ ምስ ኩነታት ጥዕና፡ ዕድመ፡ ግዜ፡ እትወስዶ ዓይነት መግቢ፡ ኣካላዊ ብቕዓትን ካልእን ብዝሰነ መንገዲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር ከም ዘለካ እቲ ቀዳምነት ብኽኢላታት ዝወሃብ ምኽሪ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከም ዘድልዮ ግና ክንዘንግዖ የብልናን።

ናይ ንግሆ (ቅድሚ ቁርሲ) ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ እዚ ዝተኸዘነ ዘየድሊ ስብሒ ብምቅጻል ክብደት ሰብነት ንምጉዳልን ቅርጺ ኣካላት ንምሕላውን ይሕግዝ። ንግሆ ካብ ናይ ካልእ እዋን ዝያዳ ድሉውነት ኩነተ ኣእምሮ ስለ ዝህሉ ኑቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምስልካይ ክተካይዶ ትኽእል። ሙቐት ኣካላት ንምምጥጣን ግዜ ስለ ዘድሊ ግና ኑቲ ምውስዋስ ኣካላት ንንውሕ ዝበለ እዋን ክተካይዶ ይምከር።

ኣብ እዋን ቀትሪ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ ካልኦት ሰባር ክንቀሳቐሱ ስለ እትዕዙብ ጽምዋ ኣይስመዓካን። ኣብ ውሽጢ ኣካላትካ ንዘወዓለ ጸቕጢ ንምህዳእ ድማ ይሕግዝ።

ናይ ምሸት (ድሕሪ ድራር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ ንምንቅስቓስ ዝኸውን እኹል ግዜ ይህልወካ። እኹል ኦክስጅን ስለ እትረክብ'ውን ዝተመጉበየ መግቢ ብቐሊሉ ክተሕቅቕ ዕድል ትረክብ፡ ዘይተደልየ ስብሒ ኣብ ኣካላትካ ንኸይክዘን ይከላኸል። ጽቡቕ ንኽትድቅስ ይሕግዝ፡ ኣእምሮ ብምዝናይ ጸቕጢ የጉድል።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንኹሉ ሰብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ ከም ሕማም ልቢ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ነፍሰ ጾራትን ሓራሳትን ክወስድኦ ናይ ዝግበኦን ብቕዓት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ክኸውን ይግባእ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
የሲፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጿ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰለሞ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጿ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዋዕላ ሃገራት ጉጅለ-7ን ውጽኢቱን




ከምዚ ብመንገዲ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ክንከታተሎ ዝቐንና፡ መበል 52 ዋዕላ ኣባላት ጉጅለ-7 ዝኾና ሃገራት፡ ካብ 15-17 ሰነ ኣብ ፈረንሳ ክቃናዕ ቀንዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ጉጅለ-7፡ ኑተን ኣብ ዓለም ምዕቡል ኢንዱስትርን ቁጠባን ኣለወን ዝበሃላ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ጃፓን፡ ኢጣልያ፡ ካናዳ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ዝሓቑፈ ኮይኑ፡ ፈረንሳ ናይዚ ዓመት'ዚ ፕረዚደንት ናይቲ ጉጅለ ስለ ዝኾነት እያ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ ባዕላ የአንጊዳቶ። ኣብ 1975 ካብ ዝምስረት ንደሓር፡ ዓመታዊ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዋዕላ ዘካይድ ጉጅለ-7፡ ከባቢ 40 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ዓለማዊ ቁጠባዊ እቶት እዩ ዘውንን። ብበዝሒ ህዝቢ ክረአ እንከሎ ድማ፡ ካብ ህዝቢ ዓለም ሓደ ዕስራት ይሸፍን። ብመሰረት ሕጊ ጉጅለ-7፡ መራሕቲ ኣባል ሃገራት ዓመታዊ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኣኼባታት ብምኽያድ፡ ዝተፈላለዩ ውዕላት ይኽትሙን ንዓለምለኻዊ ፍጻመታት ዝምልከት ሓባራዊ መግለጺታት ድማ የውጽኡን እዮም። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም ዝገልጽዎ፡ እቲ ጉጅለ፡ ብደሞክራሲ ዝጐዓዘን ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብርን ገይሩ እዩ ንኩብሱ ዝርኢያ። በዚ ኸኣ ዝተረፉ ሃገራት ዓለም ኣሰሩ ክኽተላ፡ ኑቲ ንሱ ዝተግብሮ ስርዓታት ከኽብራን ብቐጻሊ ጻውዒት ምስ ኣቕረበ እዩ።

ሃገራት ጉጅለ-7 ዋዕላ ኣብ ዘቃናዓሉ እዋን፡ ከምቲ ልሙድ፡ ቀዳምነት ዘድልዮም ዝተፈላለዩ ኣጀንዳታት ኣልዒለን እየን ዝዘትያ። ኣብዛ ሰሙን'ዚኣ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዘካየዳኦ ዋዕላ እውን፡ ኣብ'ቶም ንዓለምና ኣናዊጾማ ዘለዉ ውግኣትን ዘባውያን ቅልውላዋትን ኣተኲረን ከም እተመያየጣ እዩ ዝሕበር። እቶም ዝተመያየጣሎም ዝርዝር ነጥባታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. ንሓባራዊ ዝተመጣጠነ ዘላቒን ዕቤት ዝድርኽ ሃዋህው ምፍጣር።

2. ዕዉት፡ ብሉጽ፡ ከምኡ'ውን ፍትሓዊ ንዝኾነ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ብሓባር ምስራሕ፦ እዚ ማለት፡ ኑተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ንምሕጋዝ፡ ሃገራት ጉጅለ-7 ፖሊሲታተን ክኽልሳን ሓድሽ መደብ ኩዳልዋን ዝብል እዩ።

3. ምቕርሐ ብርቂ ማዕድናት ንምምዕርራይ ክስራሕ፦ ከም ዝፍለጥ፡ ዘለናዮ እዋን ዘመነ ተሓዳሲ ጸዓትን ዲጂታላዊ ምዕባለን እዩ። እዞም ኩሎም ኣብ ዘመንና ንርእዮም ዘለና ኣገደስቲ ናይ ምዕባለ ቴክኖሎጂታት ድማ፡ ቡቶም ብብርቂ ማዕድናት ዝፍለጡ ጥረ-ነገራት እዮም ዝስርሑ። በዚ እዩ ከኣ ምድልዳል ናይ'ዞም ማዕደናት፡ ከም ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ ተራእዩ ኣብቲ ዋዕላ ተዘትዩሉ።

4. ዲጂታላዊ መድረኽ (ፕላትፎርም) ዝጥቀሙ ትሕቲ-ዕድመ ቀልዑ ምቁጽጻር፦ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት፡ ሱብ-ሰርሖ ብልሒ ዝርከቦም ዝተፈላለዩ ዲጂታላዊ ፕላትፎርምታት፡ ኣብ ትሕቲ-ዕድመ ቀልዑ ዘኸትሎ ዘሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ተጠቃምነት ማሕበራዊ ሚድያ ንትሕቲ 16 ዓመት ቀልዑ ዝእግድ ሕጊ እየን ከውጽኣ ዝረኣያ ዘለዋ። ፈረንሳ እውን፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ካብ'ቶም ኣልዒላቶም ዘላ ዓበይቲ ኣርእስትታት፡ ንቖልዑ ብኸመይ ኣገባብ ካብ ከምዚ ዝበለ ጉዳኢ ነገራት ትከላኸለሎም ዝብል እዩ ነይሩ።

5. ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ-ፋርስ ምግታእ፦ ከም ዝፍለጥ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብዚ እዋን'ዚ ንኣፍረይቲ ዜጋታት መዕነዊ ኮይኑ ዘሎ - ተጠቃምነት ዕጹ-ፋርስ እዩ። ተጠቃምነት ዕጹ-ፋርስ ብደረጃ ሃገራትን ዓለምን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እንተ ዘይውዒሉ፡ ዘውርዶ ሃሰያ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብዙሓት ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ፡ ንወደባት ሃገራት ጉጅለ-7 ከም ቀንዲ መሰጋገሪ መስመር እዮም ዝጥቀምሉ።

6. ምቕላስ ሕማም መንሸሮ፡ - ጉጅለ-7 ንመጀመርታ እዋን እዩ ንኩብደት ሕማም መንሸሮ ኣብ ግምት ኣእትዩ፡ ኑቲ ሕማም ንምክልኻል ከም ቀዳማይ ኣጀንዳ ሎሚ ዓመት ተመያይጡሉ። ቍጽሪ ናይ'ቶም ዓመታዊ ብመንሸሮ ሂወቶም ዝስእኑ ዘለዉ ዜጋታት ምንካይ፡ ከምኡ'ውን ቡቲ ሕማም ዝተጠቕዑ ዜጋታት ዕምሪ ህይወቶም ክናዋሓሉ ዝኽእል ሜላ ምፍጣር፡ ዋዕላ ፈረንሳ ካብ'ቶም ኣሚሙዎም ዘሎ መደባት እዩ።

7. ብደረጃ ዓለም ተኸሲቶም ኣብ ዘለዉ ጂኦ-ፖለቲካዊ ቅልውላዋት ብሓባር ምዝታይ፦ ኩናት ዩክሬንን ኢራንን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እቶም ንዓለምና ኣናዊጾም ዘለዉ ዝዓበዩ ቅልውላዋት እዮም ኮይኖም ዘለዉ። ብሰንኪ እዞም ክልተ ግጭታት፡ ሰፊሕ ክፋል ዓለምና ብኣሉታ ተጸልዩ ይርከብ። በዚ ድማ'ዩ ነዞም ግጭታት ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ፡ ኣብ ኣጀንዳታት ናይቲ ዋዕላ ከም ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ ሰፊሩ ዘሎ። ክንከታተሎ ከም ዝቐንና እውን፡ ኢራንን ኣመሪካን ተጻብኦ ብቐዋምነት ደው ከብላ ዝገብር ሓድሽ ስምምዕ ተፈራሪመን ኣለዋ። ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ክልተአን ሃገራት ኣቕሪበንኦ ዘለዋ 14 ነጥባታት ዝሓዘ እማመ ሰላም፡ ኣብ ዝቐጽል 60 መዓልታት ተመያይጠን ናብ ባይታ ከውርዳኦ ምኽንያን እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ዓመታዊ ዋዕላ ጉጅለ-7 ዝካየደሉ ቦታ፡ ኩሉ ግዜ እታ ፕረዚደንት ኮይና ንዓመት ክትመርሕ እትምረጽ ኣባል ሃገር እያ ትውስኖ። ስለ ዝኾነ፡ ፈረንሳ ናይዚ ዓመት'ዚ ፕረዚደንት ናይቲ ጉጅለ ስለ ዝኾነት፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ዋዕላ ኣብታ ምስ ስዊዘርላንድ እትዳወብ ከተማ ኢቭያን ክካየድ ወሲና። ፈረንሳ፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ፕረዚደንት ጉጅለ-7 ከም ምኳና መጠን፡ ንኹሉ ኣጀንዳታት ናይቲ ጉጅለ ኩተመሓድርን ክትኣልን ግቡእ እዩ። በዚ እያ ድማ፡ ብመንገዲ መራሒኣ ፕረዚደንት ኤማንዌል ማክሮን ኣቢላ፡ ንኹሉ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ጂኦፖለቲካዊ ቅልውላዋትን፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ዓበይቲ ብድሆታት ዓለምና ኮይኖም ዘለዉ ጉሉሓት ኣህጉራውያን ጉዳያትን ብሓባር ንምፍታሕ፡ ብዕቱብ ከም እትሰርሕ ኣብቲ ዋዕላ ቃል ዝኣተወት።

ካብ ፈረንሳ ብዝቐረበለን ዕድመ መሰረት፡ መሻርኽቲ ሃገራት ጉጅለ-7 ምኳነን ዝንገረለን ብራዚል፡ ህንዲ፡ ዩክሬን፡ ቀጠር፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ደቡብ- ኮርያ፡ ግብጺን ኬንያን እውን ኣብቲ ዋዕላ ከም ተዓዙብቲ ኮይነን ተሳቲፈን ነይረን። ቻይና ግን፡ ከም ሓንቲ ብቑጠባ ዝማዕበለት ሃገር መጠን፡ ክሳብ ሕጂ ኣባል ጉጅለ -7 ዘይኮነትሉ ምኽንያት ኣዘራራቢ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ምስ ናይ ዜጋታት እዘን ጉጅለ ሸውዓተ ክነጻጸር እንከሎ፡ ሓደ ውልቀ ዜጋ ቻይና ዘለዎ ኣታዊ ብተዛማዲ ትሑት ስለ ዝኾነ፡ ብኡ መጠን ቻይና ምዕቡል ቁጠባ ከም ዘለዋ ሃገር ኣይትረአን እያ - ብመሰረት ጸብጻባት። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ወከልቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብቲ ዝርርብ ይካፈሉ እዮም። ቅድሚ 52 ዓመታት ተኸሲቱ ዝነበረ ናይ ነዳዲ ቅልውላው ብሓባር ንምፍታሕ ብዙብል ዕላማ፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ብ6 ሃገራት ዝተመስረተ ጉጅለ-7፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝተፈለላዩ ኣጀንዳታትን እማመታትን ናብ ጣውላ እናቕረበ እዩ መደባቱ ዓመታዊ ዝሕንጽጽ። ካናዳ ኣብ 1976 ናብቲ ጉጅለ ተጸንቢራ። ድሒራ'ውን ፈደረሽን ሩሲያ ኣብ 1997 ሻምነይቲ ኣባል ኮይና ኑቲ ጉጅለ ተጸንቢራቶ ነይራ። ኣብ 2014 ንሓውሲ ደሴት ክረምያ ወሪራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ምስ ኣእተወታ ግን፡ ብተግባራታ ዝተቓጥዓ ኣባላት ጉጅለ-7 ካብ ማሕበረን ከም ዘባረረኣ ይዝከር።

ብኻልእ ወገን፡ መራሕቲ ሃገራት ጉጅለ-7፡ ንዩክሬን ዝያዳ ሞራላዊ ደገፍ ንምሃብን ስርዓት ምክልኻል ኣየራ ንምሕያልን ክብላ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ሓድሽ እገዳ ከጽንዓ ከም ዝወሰና ተፈሊጡ ኣሎ። ኩናት ኢራን ሃዲኡ ናብ ሰላም ገጹ ኣብ ዘምርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝያዳ ተጠላቢ ኮይኑ ዝጸንሐ ነዳድን ባህርያዊ ጋዝን ሩሲያ ተወሳኺ እገዳ ክጸድቕ ትጽቢት ከም ዝግበር ድማ ክኢላታት የመልክቱ።




- - - - - - - - - - - - - -

**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

ብኣጋጣሚ 20 ሰነ ዕለተ ዝኽሪ ሰማእታት፡ ናይ ሎሚን ጽባሕን መደብና ምስ'ዚ ረዚን ዕለት ዝሳነ መደባት ክጠቓልል'ዩ።

# የማነ ኣብ ባሕሪ ጥበባት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ምስeቶም ሓይሊ ህላወና ዘጽንዑ ምዑታት ጀጋኑ ብመንፈስ እናተራኸብና ከም ብሓድሽ ኑብስና ከም ንፍትሽ እትገብረና ረዚን ዕለት እያ። ህዝቢ ኤርትራ ወርቃዊት ናጽነቱ ንምርግጋጽን ልኡላውነት ንምውሓስን ዝኸፈሎ ማሰዋእቲ መዳርግቲ ኣልቦ እዩ። ብሉጻት ጀጋኑኡ እናዘከረ ዘኽብራ ዕዙዝቲ ዕለት ከኣ እያ። እዛ ዕለት እዚኣ ድማ፡ መብጽዓኡ እናሓደሰ ሃጸጼቲ ሓሳባት እናሃንደሰ ሕድሪ ሰማእታቱ ብልምዓት ዝድንብስላ ክብርቲ ሃገራዊት ዕለት እያ። ስለ'ዚ ድማ እዩ ህዝብና ኣብ ዕለት ብዘተፈላለዩ ዘደንቑን ዘድምቑን ትርጉም ዘለዎም ባህላዊ መሰናድኣታትን ማእቶታዊ ንጥፈታትን ወዲቡ ብዓቢ ክብሪ በዓሉ ዘማዕርግ። ምኽንያት እዛ ዕለት፡ ምኽንያት ሰማእታትና ስለ ዝኾኑ።

ንዘኽርን ክብርን እቶም ህይወቶም በጃዮም ህይወትና ዘስረሑ ሰማእታት፡ ንኽብርኦም ሓያሎ ዜማታት ተቓንዮን ተዘይሞን እዩ። ግጥሚ ተሓዲሙሎም፡ ንምሳኦም ዝበቅዕ ማሰን ድርሳንን ተደርጉሒሎም፡ ልቢ ዝሰርቕ ዜማታት ተቓሊሒሎም። ኣሻዕ ኣብ ከበሮ እዝንኻ ሰሚዕኻዮም ዘይምነወ ብዝዕባ ውዕለታቶም ዝገልጽ ትረኻታት ተተንቲኑሎም። ብቐንያቱ ደዓን እዝዎ'ጆታን ጸሎተ ፍትሓት ኑበሲ ይገበረሎም። ኩታ ንሰማእታትና ዘይግበር ንጥፈታት የለን። ኩሉ ሰብ በቲ ዝኽእሎ ዝውንኖ ነገራት ንሕድሪ ሰማእታት ይፍጽምን ቃሉ ድማ ደጊሙ የሐድሶ።

ኣብ ኩሉ ከርንዓት ዓለም ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ልደት በዓል ናጽነቱ ብድምቀት እዩ ጸንቢሉ። ኣብ'ዛ ወርሒ ዕልልታን እምብልታን፡ ከበሮን ዝላን ጓይላን የድህዩ፡ ደስታን ፈስታን ዓሲሉ፡ ዝተሓብአ ከበሮ ሃሚሙ፡ መቐሐ ተሰቢሩ ከርከቦን ግፍዒታትን ኣብቂዑ ሽታ ሽላንን ሰላምን'ውን ሃገገ። ኣይዚ ዝናብ ቦምብ ብማይ ኣባጅኑ ተተኪኡ፡ ዓሻ ደኒ ሞት ኣብቂዑ ኤርትራዊ ሰብ ከም ሕሱም ብፍስሃ ተወንጁሩ። ኩታ ጸሓይና በጥዕጥዕ ኢሉ በሪቑ። ዝቓደረ መሬት ጉላጉልናን ገቦታትናን ሳዕርን ኣቆጽልትን፡ ዕንባባታትን ጸገን ዳግም ሂወቶም መለሶም ኣብ ግዜ ወቕቶም ግጥም ክብሉ ጀሚሮም። ማዕበል ባሕሪ ሃዲኡ፡ ኣባይ ርያኡ ጠቕለሉ ጠፊኡ። ሃሰስ ግዜ ጠለምዎ ተቓለዐ፡ ሽሻይ ሓርነትና ድማ ጉሰዐ። እዚ ኹሉ ሳላ እቶም ኣብ ጸግዕር ዝሰውኡ ሰማእታትና ዝተረኽበ ኒሻን ክብሪ እዩ።


ህዝበን ሰራዊትን ኤርትራ ነዛ ክብርቲ ዕለት፡ ሕልፈይ ንጹፈይ ኢሉ ብዓቢ ክብርን ብኹብ ዝበለ መዓርግን ክብዕላ እንክሎ ድማ ዓቢ መልእኽትን ትርጉምን ኣለዋ። ምኽንያቱ ናጽነት ብዋጋ ኣእላፍ ትንፋስ ስለ ዝተረኽበት። ክቡር ነገር ንኽትረኽብ ክቡር ነገር ክትከፍል ኣለካ። ብሓጺሩ ናጽነት ማሰዋእቲ ዝሓትት'ዩ። ማሰዋእቲ ብማሰዋእቱ ነታ መተካእታ ዘይብላ ህይወት ትኽፍል። እዚ ማሰዋእቲ እዚ ክብደቱን ምረቱን፡ ሓይሉን ዕምቆቱን፡ መንፈሱን ርዝኑቱን ... ክትልክዕ ብቓላት ክትገልጾ ኣይትኽእልን።

ንርዝነት ማሰዋእትን ገድልን ንምግላጽ ቡበእዋኑ ብዙሓት ሃገራውያን ደርፍታት ፈርዮምን ይፈርዩ ኣለዉን። ካብቶም እዚ እንገልጾ ዘለና ክቡር ማሰዋእቲ ዝገልጹ ሃገራውያን ደርፍታታና ኣብ'ዚ ስውኣትና ብሓቦር እንዝክረሉ ዘለና ቅንያት 20 ሰነ ድማ፡ ካብተን ንዝኽሪ ሰማእታትና ተባሂለን ዝተሓደማ ባሕሪ ጥበባት ናይ ገዳም ድምጻዊ የማነ ገ/ሚካኤል (ባርያ) ነታ "ሰገናይ" እትብል ንኽብሪ ጀጋኑና ዝደረሳን ዘወፈያን ምዝኻር ይከኣል። ንሱ ኣብ መእተዊ ናይዛ ደርፊ ከምዚ ብምባል እዩ ዝጅምር፦

*ሰገናይ ነዊሕ ክሳዳ*
*ሰጉሚ ርግቢት ቆንጆ ኣካይዳ*
*ተጻዋሪት ሸግር ዘይከብዳ*
*ሓብሩኺ ሓብሩኺ'ንዶ ናበይ እያ ከይዳ፡*
*ምልምሊዮ ሕብሩ ከይራይ*
*ብዓል ደርብ ሓሞት ጉልጉል ዓራዳይ*
*ሓሳይ እዩ ነይሩ፡ ወዓሉ ምሳይ*
*ኣበይ ኣለ - ኣበይ ከይዱ እቲ*
*ብጻየይ።*



እዛ ደርፊ ብጽቡቓት ኣበሃህላታትን ወቕልናታትን ተኹዲቓ እትርከብ ህንጻ ሕደማ እያ። ኩሉ ሳዕ ብዓል ዝኽሪ 20 ሰነ ኣብ ዝመጸሉ እትቃላሕን ኣብ ከበሮ እዝንና ካብ ዝመላለሳ ደርፍታት እያ። ብውሓለ ከሻናይ ከም ዝተሰርሐ መግቢ፡ ደስ ካብ ዘብላ ተፈተውቲ ሕደማታት ድማ እያ - ደርፊ ሰገናይ። እዛ ደርፊ ንኽብሪ ጀጋኑ ስውኣትናን ዋጋ ማሰዋእቲን



እተጉልሕ እያ። ኣብ መቕድም ናይዛ ደርፊ ከም ንዕዘቦ ንጀግንነት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ብምድናቕ እዩ ዝፍልም። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲን ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገርን ዝፈጸምኦ ቅያታት መዳርግቲ የብሉን። ነቲ ቃልስን መኸተን ሓይልን ሞቶርን ኰይነን ቀሊሰንኦ እየን። ነቲ ገድሊ ከኣ ዝያዳ መቐረት ወሲኸናሉ። ዕምሪ ግዝኣቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ምሕጻር ተቓሊሰን። ብሓጺሩ ምቁር ግዜ ቁልዕነት ከይመሰዋ፡ ትምህርተን ከየስተማቐራ፡ ኣካለንን ሕልናአንን ንገድሊ ዘወፈያ ሓርበኛታት እየን። ንቐለዐን ትብዓትን ኣደታትና ድማ ፍርቂ ናይቲ መሪርን ነዊሕን ዕጥቃዊ ቃልሲ እዩ ነይሩ። ኣብ'ኡ ዝተፈጸመ ኣደናቒ ዓወታት ድማ ንኽብሪ ደቂ-ኣንስትዮና ዘንጸባርቕ እዩ። ነዚ ብምስትብሃል እዩ ድማ እቲ ጅግና ገጣሚ፡ ንድንቂ ውዕሎ ታሪኽ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ንምግላጽ፡ "ሰገናይ ነዊሕ ክሳዱ ሰጉሚ ርግቢት ቆንጆ ኣካይዳ" እናበለ ብኣደናቕት ኣብ ቀዳማይ ኖግሑ ክገልጽ ዝረኣ። ንጽንዓትን ኒሕን ጅግንነትን ተወፋይነተንን ንምግላጽን መላኺት ሕሰም ሸግርን ምኗና ንምትንባህን "ሸግር ዘይኸብዳ" ይድርብ። ብተወሳኺ፡ ኣብ'ዚ ግራት ግጥሚ፡ "ሰገናይ ነዊሕ ክሳዱ ርግቢት ቆንጆ ኣካይዳ" ዝብል ወቕልናታት ንመሸከልን ጽባቐን ናይታ ዕድመ ዘይጸገበት ስውእቲ ክገልጽ ይረኣ። ነታ ዋዕሮ ብስእለ ኣእምሮ ከም ትቐርጻን ከም ትስእላን ይገብር። እዚ ድማ ሓይሊ ናይ ሓደ ስነ-ጥበበኛ እዩ። ምኽንያቱ ጥበብ መራሒ ህዝቢ ስለ ዝኾነ።

ብምቕጻል፡ ኑቶም ኣናብር ሓርነታዊ ቃልስና ዝኾኑ ደለይቲ ናጽነት፡ "ምልምሊዩ ኣበይ ከይዱም" እናበለ ድማ ንገዝእ ኑብሱ ክሓትት ይሰማዕ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ንዕዙትን ዝኽርን ናይቲ በዓል በቲ ሰባዊ ኣገላልጻኡ ዝያዳ ልዕል ከም ዝበሎ ይኾግረና።

*ሰዮማይ ቀይሕ ሓወይ ልኻለ*
*ኣብ ዓውደ ኩናት ኩይኑ ዝሃበ*
*ካቢታ ብራሻይ ዝተኸፈለ*
*ቃል ዘእተወ ከይንፉላ ...*

እናበለ ኩሉ ኣደናቕት ብኣደናቕት እናመላለሰ ንኽብሪ ስውእ/ስውእቲ ጥርዚ ክብጽሖ ይረኣ። ንጽንዓትን ትብዓትን ቅያን ጅግንነትን ማህደር ውዕሎ ተጋዳላይ ኣጣሚሩ ድማ ንእሰሩቱ እናዘከረ ንቀራጽነት ተወፋይነቱ የጉልሑ። ሕሰም ስቅያትን ዓውደ ውግኣትን እናገለጸ ናጽነት ንምርካብ ዝተኻየደ ጉዕዞን ዝሓለፈ ሓሞትን ኣብ ውሽጢ መልእኽቱ ኣሎ። ተጋዳላይ ንክብደትን ምረትን ኩናት ተጻዊሩ ኣብ ውሽጢ ጽዕጹዕ ኩናት "ተሓማሚ" እናበለ ኣብ ልዕሊ ጸላኢቱ ዓወታቱ ከም ዘረጋገጸ እውን ተደሪዑ ንረኽቦ። ስውእ ኣዕጽምቱን ደሙን ንሃገሩ ዘወፈየ ሞዴእ ብምኳኑ፡ ሓሞቱ እኹላት መሰኻኽሩ እየም። ብዋጋ ክቡር ህይወቱ ድማ ሓርነትና ተረጋጊጹ።

*ጀብጀብ ቁናኖ እታ ደናኒቶ*
*ቅድሚ ኩልና ሃጸሚት ፎርቶ*

*ሊጋሲት ምኽሪ ወትሩ ትፍቶ*
*ኣይረኽበኩዋን በሎ ደሓን ትእቶ ...*

ንጽንዓት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን 'እዚን እትን' ኢልካ ክትንትን ኣብ ትፍትሐሉ እዋን ኣይኮነን። ክንደይ ካልእ መዐረሪ ኣይትረኽበሉን። ምብልሻው ቃላት ጥራሕ እዩ። ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ንጹላኢ ጥራሕ ኣይኮነትን ስዒራ። ንጭቆናን ድሑር ባህልን እምነትን ንግቡይ ኣረኣእያታት ሕብረተሰብና ኣሰኒፋ በሎኽ ዝበለት ኮኾብ እያ። ጅግንነታ መሰፈሪ ኣይርከቦን። ሳላ ተጻዋርነታን ትብዓታን ሓይላን ብልሓን ማዕርነታን ክብረታን ብማዕረ ዘረጋገጸት ፍጥርቲ እያ። ብፍላይ ኤርትራዊት ኣደ ብኩልንትናዊ ትዕግስታን ሓልዮታን እትልለ ፍጥርቲ እያ። ካብ ጉድኒ ብጾታ ፈልኪት እንክይደበለት ትብዓት ዝሕላገታ ፍጥርቲ። እዚ ገጣሚ ድማ ንምስላን ተግባራን እናዘከረ ንዳሕረዎት ወለዶታት ዝኸውን ምሉእ ስንቂ ታሪኽ ንምግዳፍ፡ "ጀብጀብ ቁናኖ፡ እታ ደናኒቶ፡ ሊጋሲት ምኽሪ ወትሩ ትፍቶ" ብምባል ኣብ ኩብሒ ታሪኽ ኣቐሚጡዋ ኣሎ። ንሱ ብምቕጻል፦

*እቶም ተዋዚዩቲ ኣዕሩኽ ሰለስተ*
*መታዓቢቲ ካብ ቀደም ታተ*
*ዘይተፋላለዩ በርህ ጸልመተ*
*ሓደስ እንሆለ ኣበይ'ለዉ ክልተ*
*ኣበይ'ሎ ኣቡላ ሕቶይ ሜልሱ*
*ኣነ ክምለስ ዘይተመለሱ*
*ብዓል ሰዮማይ ብዓል ሰገናይ*
*ሓለፎም ደዮም ወይዛ ዓለም ግናይ።*

ኣብዘን ተኸታተልቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ቃጽያ ማይቤታት እንተደኣ ርኢና፡ ካብቶም ሰለስተ እቶም ክልተ ገንሸል ሓርነት ብምኳን ጥዋፍ ናጽነትና ከም ዝኾኑ ይጠቕሱ። ምሳኻ ሰምያም ድማ ጸርጊ ብርሃን መንገዲና ኰይኑ የገልግለና ኣሎ። እቲ ሓደ ድማ ዝፈትዎም መጋድልቲ ብጾቱ ሓዲጊ ከም ዝኣተወ ይነግረና። ካብ ብስል ጥረ ኩይኑ፡ ነቲ ብጾቱ ዝፈጸምዎ ቅያ ባሕሪ ታሪኽ ክትርኽ ከም ዝተዓደለ ኣብ'ዚ ኖግሒ እኹል ምስክር እዩ። ባርያ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዝሓልፎም ማይቤታት ናይ'ዛ ሕደማ "ኣበይ ኣሉ ኣበይ'ሎ" እናበለ ሕቶ ብጾት ሰውኣት ብድፍንቕ ንሓፋሽ ኩሓትትን ከጣይቕን ይረኣ። ነታ ኣብ ሓደ እዋን ናብ ሰኣል እትቐየር ዓለም ብምግምዛብ ድማ "ግናይ" እናበለ ዘይዕግበቱ ክገልጾላ ይሰማዕ።

*ኣንታ ብዓል ዝና ዝወዓልካ ኣብኡ*
*ናበይ ደኣ ኣለ ዘይተመልሰ ግዱ*
*ዝተሃንጠኹሉ ግንቡ ክሰዮም*
*ምሳኻ ዘይመጸ ሓቓፊ ክሰዮም...*

ነታ መተካእታ ዘይብላ ኩልንትናዊ ክብርቲ ሂወቱ ዝመጠወልካ ፍጡር ምስዮም ጥራሕ ማንም ሰብ ዝበህን እዩ። ሰማእታትና ከም'ዚ ብምኗናም እየም ከኣ ኣብ ልብና ፍሉይ ሰፈር ዘለዎም። ካብ ግዛኻ ሓንሳብ ምስ ወጻኻ ዳግማይ ተመሊስካ ስድራኻን ብጾትካን ንኽትርኢ ዘየፍቅድ ዕምርን ዕድላትን። ምኽንያቱ ናጽነትና ሰብ እዩ ሓቲቱ። ሰብ ብሰቡ ዘይትክኡ ብሉጻት ሰባት። ልዕሊ ኩሉ እቲ ሓመድ ዓድና ክብሩ ንምርግጋጽ ብሉጻት ሰቡ ይናፍቖን ይወሰዶን። ጋዕ ገልጠም ጸላእትና ዘይመረፆም ክቡር፡ ንሕና ድማ ብሉጻት ክንከፍልን ልኡላውነትና ከውሕስን ተረባሪብና።

*ብማሰዋእትኹም ኣትራርና ረጊጽና*
*በቲ ተሓጉሰና በቲ'ውን ጉሂና*
*ዘይከኣል ኩይኑ ክልተ ደሊና*
*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና።*

ኣብ'ዚ ምስ እንዕዘብ፡ እዚ ስነ-ጥበበኛ ሓደ ብልጫ ከርእየና እንክሎ ንስተብህል። ጥበብ ኣኑዳድቓን ትርጉምን ዘልዓሎ ቀንዲ ዛዕባ ሕደማኡ እቲ ዘንቀሎ ምስቲ መዛዘሚ ክጠምሮ ይረኣ። ክትብሎ ዝደለኻ ትልሚ ዕላማታት ሕደማኻ ብሽምኡ ሰለዘውቀር። ካብ ትሕዝቶኡ'ውን ኣየንደልሀጸን። ነቲ ኣብ መእተዊ ዛንታ ሰማእታትና ብፍሉይ ኣበሃህላታትን ኣገላልጻታትን ዘልዓሎ ዛዕባ " ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና፡ ኣብ ዘለዎ ሰፈር ይቕሰኑ ብዝበል ደምዳሚ ሓሳብ የጠቓልል። እዚ ከምዚ ዓይነት ጥበብ ኣብ ተራ ዘርባ ዘይኮነስ፡ ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ሕደማዊ ጥበቦም ክጥቀሙሉም ይረኣዩ እየም። እዚ ከኣ ነቲ ስነ-ጥበብ ዘስተማቕር ሓፋሽ ብቐሊሉ ንኽርደኦ ሓጊዚ እዩ።

ኣብዛ ዓለም ድሌታት ደቂ-ሰብ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ከም ዝሓስበካዮን ከም ዝበሃግካዮን ግን ኣይኮነን፡ ህይወት ናታ መንገዲ ኣለዋ። ከምቲ ነፍሲሄር ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፈወርቂ ዝበሎ እዩ፡ "ከም ዝሓሰብካዮ ዘይኮነ ከም ዝኾነልካ እምበር" ኢሉ ነይሩ ኣብ ሓንቲ ሕደማኡ። ህያብ ሰማእታትና ዝኾነት ናጽነት ድማ ብገዝዙበን ንዋይን ኣይትልካዕን። ኩሉ ኣብ ቅድሚ ህይወት ዝስረዕ የለን። ቀንጠመንጢን ብላሽን እዩ። ሰማእታትና ድማ እዚ ነገሪ ክብርን ህያብን ሓዲጎምልና እየም ሓሊፎም። ሳላኦም ኣይልዳልና ረጊጽና። ሰማእታትና ወትሩ ይዝከሩን ብልምዓት ይደብሱን - ዓወት ንሓፋሽ።



# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ግፍዒ 3-ዓድታት ደቂድግና

ስርዓት ደርግ ብዕልዋ ስልጣን ድሕሪ ምጭባጡ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ዝተኸተሎ ናይ ጎነጽ ፖሊሲ ካብቲ ቅድሚኡ ዝጸንሐ ስርዓት ዝፍለ ገጽ ኣይነበሮን። እቲ ስርዓት፡ ኑቲ ኣብ 1967 ብሃጸይ ሃይለስላሰ ዝጀመሮ ዓድታት ናይ ምድምሳስ ተግባራት ብምቕጻል፡ ኣብ ዓመተ 1975 ንህዝቢ ኤርትራ ንምንብርካኽ ካብ ክፉእ ዝኸፍአ ናይ ሽበራን ራዕድን ወፍርታት ኣካየደ። ኣብ ውሽጢ ኣስመራን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ዓድታትን ይኹን ኣብ መታሕት ኤርትራ፡ ህዝቢ ከም ጤለበጊዕ ይሕረድ ነይሩ። ሕርጊጎ ትርከበን ዓድታት ሰምሃር፡ ወኪ ደባ፡ ኦምሓጀር … ዝብሃላ ዓድታት ኤርትራ ሓረረን። ኣሽሓት ህዝቢ'ውን ሃሊቑን መንገዲ ስደት ኣምሪሑን። ኣብዛ ስርዓት ደርግ ናይ ጥፍኣት ዘመተ ዝጀመረላ ዓመት፡ ህዝቢ ዓድታት ተራእምኒ፡ ጉላን ታኼታን'ውን ካብቶም ቀዳሞት ግዳያት እዮም።

ብ9ን 11ን መጋቢት 1975 ፈረንጂ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ዓድታት ዝተፈጸመ ሃንደበታዊ ተግባር፡ ኣሰቃቒ ምንባሩ ካብ ዘኽሪ ደቂ'ዘን ዓድታት ገና ኣይሃሰሰን ዘሎ። ሰንበት ትሽዓተ መጋቢት ኑዳዲ ዝጸዓነት ቦጥ ትርከበን ኣርባዕተ ብወተሃደራት ጸላኢ ዝተዓጀባ መካይን ካብ ድባርዋ ናብ መንደፈራ ክሓልፋ ኸለዋ፡ ሓንቲ ኣሃዱ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኣብቲ በሪኽ ቦታታት ኮይና ተዓዘበተን። ንሳተን ናብ መንደፈራ ምስ ሓለፋ ድማ፡ እቶም ተጋደልቲ ካብ በሪኽ ቦታ ዓዲ ታኼታ ወሪዶም ናብ ጉላ ኣትዮም።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ተጋደልቲ ተሓኤ ናብቲ ኸባቢ ክትቀላቐል ዳርጋ መጀመርታኣ ስለ ዝነበረ፡ ህዝቢ ብኽልተ ጉዳይ ሓሰበ። ቡቲ ሓደ ወገን ደቅና መጺኦም ኢሉ ክሕጎስ ከሎ፡ ቡቲ ኻልእ ገጽ ድማ ናብቲ ተኣፋፊ ከባቢ ብብርሃን ጸሓይ ናብ ማእከል ዓዲ ምእታዎም ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ ተራእዩዎም ሰግኣት ሓደሮም። መዓልቱ ቀበላ (ጾም ዝኣትወሉ ግዜ) ስለ ዝነበረ፡ ሰዋ ዘይጸሞቐት ሰድራ ኣይነበረትን። እቶም ተጋደልቲ ኣጸልምት ኣቢሎም እንተዝኣትዉ፡ እቲ ህዝቢ እኽለማይ ክቐርብ ክንደይ ምተሓጎሰ። ብጨው ቀትሪ ብጎላጉል ሕርሻ ታኼታ ሰንጢቖም ናብታ ኣብ ማእከል ጽርግያ መስመር ኣስመራ መንደፈራ ትርኩብ ዓዲ ጉላ ምምጽኦም ግን ዘይ ናይ ድሓን ምኳኑ ብሩህ ነበረ። ምኽንያቱ፡ ጸላኢ ጽርግያ ሒዙ ሃንደበት እንተመጺኡ፡ ኣብ ማእከል ዓዲ ውግእ ክኽፈትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጉድኣት ክስዕብን ከም ዝኽእል ዘጠራጥር ኣብኡ ኣይነበሮን።

በዚ ጉዳይ'ዚ ሰግኣት ካብ ዝሓደሮም ኣቦታት፡ ኣቶ ወልደገርግስ ጉብረሙሴ ዝርከቦም ገለ ሰብኡት፡ ምስ ሓላፊ ናይታ ኣሃዱ - ዝተፈላለዩ ሰባት እቲ ሓላፊ ባዕሉ ሰዒድ ሳልሕ ነይሩ ይብሉ - ኣብ ማእከል ዓዲ ውግእ ንኸይክፈት እቲ ሰራዊት ካብ ቃልዕ ቦታ ተኣልዩ ኣብ ሊጋስ ቦታ ወሲዶም እኽለማይ ክቐርቡ ሓተቱዎ። ካብቲ ሓላፊ ዝተረኽበ መልሲ ድማ፡ ውግእ ክኸፍቱ እቲ ህዝቢ ይምስክር።

እቶም ወተሃደራት'ውን ደድሕሪ ተጋደልቲ ስለ ዘይሰዓቡ፡ ናይ ምትህልላኽ ግጥም ኣይተራእየን። ሰራዊት ደርግ፡ ሻንቡቆ ብረቶም ኣብ ክንዲ ናብ ከምኣቶም ዕጡቓት ዘቕንዑ፡ ቀጥታ ናብቲ ሰላማዊ ሰኣን ሓደ መልእኽተኛ ሰዲድኩም 'ሸፋቱ መጺኦም ኣለዉ' ምባል ብላሽ ህይወትኩም ትሰእኑ ኣለኹም፡" በለን።

ካብ መንጎ'ተን ቀልዓ ሰበይቲ ሌተሰብ ንጉሰ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ትነብር ዝነበረት'ሞ፡ ኣምሓርኛ



መደብ ከም ዘይብሎም ዘረጋግጽ ነበረ። እንተኾነ፡ ኣብኣ ብደዎም እናተዘራረቡ ከለዉ እተን ኣቐዲመን ካብ ድባርዋ ንመንደፈራ ሓሊፈን ዝነበራ ኣርባዕተ ብወተሃደራት ዝተዓጀባ መካይን፡ ተመሊሰን ኣብ ከባቢ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀ ብሻኻ ወደብስራት ተቐልቀላ። እቲ ምስ ብዓል ኣቶ ወልደገርግስ ክዘራረብ ዝጸንሐ ተጋዳላይ ከኣ፡ "ያላ በቦታኻ ሓዝ!" እናበለ ሰራዊቱ ከመሓድር ጀመረ።

እተን ካማዝ ዝዓይነተን መካይን ጠበልበል እናበላ ጉላ በጽሓ። ቀዳመይቲ ንጉላ ወዲኣ ናብ ተራእምኒ ገጻ ክትሰግር ከላ፡ እቶም ኣድብዮም ዝጸንሑ ተጋደልቲ ተኹሲ ከፈቱ። ቀዳመይቲ መኪና ተሳሒታ ከይተሃርመት ንድባርዋ ገጻ ተመርቀፈት። ኣሳፈራቶም ካብ ዝነበረት ወተሃደራት ግን ብርግጽ ብዙሓት ተሃሪሞም እዮም። ካልኣይቲ ተሰሪዓ ዝነበረት መኪና ግን ብዘይ ምሕር ኣገባብ ስለ ዝተሓምሸሸት፡ ምስ ኣሳፈራቶም ዝነበረት ወተሃደራት ናብ ፍሓም ተቐየረት። ኣብተን ድሕሪት ተሰሪዐን ዝመጽኣ ዝነበራ ክልተ መካይን ግን ዝሰዓበ ጉድኣት ኣይነበረን። ኣብኣተን ተሳፊሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ግን፡ ኣብተን ክልተ ቐዳሞት መካይን መጥቃዕቲ ከም ዝተኸፍተ ምስ ኣረጋገጹ፡ ካብ መካይኖም ወሪዶም ናብቶም ተጋደልቲ ጉብረመልሲ ሃቡዎም።

እታ ስርሒት ንሓጺር ግዜ ተኻየደት። ተጋደልቲ ካብ ጉላን ከባቢኣን ቀልጢፎም'ዮም ስሒቦም። ብታኼታ ኣቢሎም ንዘመር ክሓልፉ እንከለዉ፡ "እሾኽ ዝተወግአ የብልናን" ክብሉ ስለ ዝተሰምዑ፡ ኣብታ ስርሒት'ቲኣ መስዋእትን መውጋእትን ከምዘይ ኣጋጠሞም ህዝቢ'የም ኣዘርዮም። ንዝረኸቡዎ ሰላማዊ ሰብ፡ ቀልዓ፡ ሰበይቲ ትኹን ንሽማግለ ብጢያይት ቀዘፉ። እቲ ኣብ ግዳም ዝጸንሐ ሰብ፡ ናብ ይሓይሽ ዝበሎ ኣንፈት ክነፍጽ ከሎ፡ እቲ ኣብ ገዛ ዝጸንሐ ኸኣ ገዝኡ ዓጽዩ ኩብዱ ሓቘፈ። እቶም ወተሃደራት ግን ንኹሉ ድኣ ኣረኻኸቡሉ፣ ኑቲ ክሃድም ዝፈተነ ብጥይት እናውደቑ ማዕጾ ገዛውቲ ሰይሮም ክኣትዉ ጀመሩ።

ንማዕጾ ገዛ እንዳ ቀሺ ወልደኪሮስ ብሓይሊ ሃሪሙ ንውሽጢ ዝኣተወ ወተሃደር፡ ወይዘሮ ዛይድ፡ ወይዘሮ ሮማ (ሰይቲ ቀሺ ደብረጼንን) ምስ ካልኣት ቀልዑ ብፍርሒ ክሕቆና ጸንሓኦ። ልኣከ ንዝተባህለ ህጻን (ሕጂ ቀሺ ልኣከ) ክርሸኖ፡ ካብ መንጎ'ተን ኣንስቲ ስሒቡ ከውጽኦ ፈተነ፣ ኣብ ልዕሊ'ታ ሰድራ ደው ኢላ ተጸጊዓ ዝነበረት ወይዘሮ ዛይድ፡ "እውይ! ህጻን እንድዩ፡" ኢላ ንልኣከ ወዲ ቐሺ ደብረጼን ተኸላኸለትሉ። እቲ ውተሃደር ድማ ንልኣከ ገዲፉ ንዛይድ ሓንቲ ጥይት ኣብ ግንባራ ሃሪሙ ረፈጥ ኣበላ። ብርእሳ ዝወጽአ ብዙሕ ደም ነታ ኣብ ትሕቲ ሕቖፎኣ ዝጸንሐት ሰድራ ኣጠልቀየን።

ኣብ እንዳ ንጉሰ ካሕሳይ፡ 17 ትንፋስ ቀልዓ ሰበይቲ ኑቲ ገዛ ብውሽጢ ረጊጠን ዓራት ኣሊጋጊበን ብትሕቲኡ ተሓቢኣን። ወተሃደራት ናብቲ ገዛ መጺኦም ኑቲ ማዕጾ ንምኽፋት ብጥይት ምስ ሃረሙዎ፡ ቡቲ ጢያይት ሓንቲ ሰብ ተወግአት። ጫቑጫቑ ክብላ ስለ ዝተሰምዓ ብፍኒስትራ ተጠውዮም "ክፈቱ!" ክብሉ ሃደዱወን። ምስ ከፈታኦም ንውሽጢ ኣትዮም ካብቲ ገዛ ኮብኲቦም ናብ ጽርግያ ኣውጽኡወን። ሓደ ሓላፍነት ዘለዎ ዝመስል ወተሃደር ናብተን ቀልዓ-ሰበይቲ ቀሪቡ፡ "ንስኻትኩም ትሰምዕ ስለ ዝነበረት፡ "ንሕና ወላ ሓንቲ ንፈልጦ ነገር የብልናን፣ ተኹሲ ክትትኮስ ኢና ሰሚዕና'ምበር፡ መን መጺኡ መን ከይዱ ኣይረኣናን ኣይሰማዕናን!" በለቶ። እቲ ወተሃደር ከኣ፡ ድሕሪ ብዙሕን ውሑድን ዘረባ፡ "ኪዱ በላ ጥፍኣ!" ኢሉ ምስ ፈነወን፡ ፋሕ ኢለን። ገለ ካብኣተን ቅድሚ ብዘለዋኦ ንበረኻ ምህዳመን ጨርቀ መርቂ ክማልኣ ንገዛ ክምለሳ ከለዋ፡ ብኻልእ ወገን ካብ ዝነበሩ ወተሃደራት ጢያይት ክትኩሰለን ምስ ጀመረ፡ ብዘለዋኦ ንበረኻ ሃደማ። ንእግረ መንገደን ብጥይት ተሃሪሞም ዝሞቱን ዝተወግኡን ደቂ ማእከል ዓዲ እናርኣያ ካብቲ ዓዲ ወጽኣ።

ኣቶ ወልደገርግስ ጉብረሙሴ ካብታ ምስ'ቲ ተጋዳላይ ዝዘራረበላ ዝነበረ ቦታ ብዙሕ ከይረሓቐ፡ ብጥይት ናይቶም ወተሃደራት ወደቐ። ኣቶ ጉብረሄት ካሕሳይ፡ ወይዘሮ ኣመተ (ሰይቲ ኣቶ ጉብረ ነማርያም፡) ንባዕሎም ኣቶ ጉብረ ነማርያም - ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ውሽጢ ገዛኦም ብሓዊ ሓሪሮም፣ ወይዘሮ ለተስላሰ ጉብረስላሰ - ሰይቲ ኣቶ ተኽላይ ገረሙሴ፡ (ኣብ ውሽጢ ገዘኣ ብሓዊ ዝሓረረት) ኣቶ ወልደገርግስ ጉብረሙሴ - ኣብ ማእከል ዓዲ ውግእ ንኸይውላዕ ምስ ሓለፍቲ ተጋደልቲ እናተዘራረበ። ወይዘሮ ማህሌት ፍስሓጼን (ሰይቲ ኣቶ በየነ፡) ቀሺ ወልደኪሮስ በየነ - ብኻራ ኣብ ደንበ ገዘኡ መዓንጥኡ ዝተዘልዘለ፣ ኣቶ ተላ መዘንግዕ፡ መንእሰይ ብርሃነ መሓሪ ሓድጉ፡ ወይዘሮ ዛይድ መሓሪ ህጻን ቀልዓ ከይቅተል ክትከላኸል ኣብ ዝፈተነትሉ ብጥይት ዝተቐትለት። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ወይዘሮ ዛይድ በጃ ብምኳን ካብ ሞት ዘትረፈቶ ቀሺ ለኣከ ወዲቐሺ ደብረጼን ብህይወት ኣሎ። ወይዘሮ ኣብርሀት ተላ (ሰይቲ ባሻይ ገረንስኣ ተራእምኒ) ኣብ ጉላ ጸኒሓ ንዓዳ ተራእምኒ ክትከይድ ተኹሲ ምስ ተኸፍተ ኣብ ቢንቶ ምስ ኣተወት ኣብታ ቢንቶ እንከላ ብጥይት ዝተቐትለት እያ። ብሓፈሻ ኣብዛ ዕለት'ዚኣ ኣብ ጉላ ጥራይ 11 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም።

ሽዑ መዓልቲ፡ ንሓሙሽተ ዝኾና ገዛውቲ ሓዊ ረኩዖምለን። ንሳተን ከኣ ኣብ ወሰን ጽርግያ ዝተደኮና ኮይነን፡ እንዳ ኣቶ ጉብረ፡ እንዳ ኣቶ ተኽለ፡ እንዳ ቀሺ ደብረጼን፡ እንዳ ኣቶ ኣብርሃን እንዳ ኣቶ ኣብርሃም በይንን ገዛውቲ እየን። ሰንበት መዓልቲ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ጉላ ኣዚ ዝመስል መዓት ኣውሪዱላ ምስ ወዓለ፡ ሰዓት 8፡00 ምሸት ውጉኣቱን ምዉታቱን ሒዙ ናብ መዓስከር ሻኻ ወደብስራት ከደ።

ዝበዝሕ'ቲ ክሃድም ዕድል ዝረኸበ ህዝቢ ንጸበላ (ሸነኽ ገርገራ) እዩ ሃዲሙ። ሰኑይ 10 መጋቢት፡ ጸላኢ ናብ ጉላ ከይተንቀሳቐሰ ወዓለ። ህዝቢ ድማ ነዛ ዕድል'ዚኣ ተጠቒሙ ሰማእታቱ ክቐብርን፡ ዘድልዮ ናይ ሰንቅን ክዳውንትን ካብ ገዛ ኣውጺኡ ናብቲ ዝተዓቖብሉ ከባቢ ከግዕዝን ውዓለ። ጸላኢ፡ መዓልቲ ቀይሩ ብምምጻእ ንገዛውቶም ከቃጽሎ ስለ ዝኽእል፡ ካብ ቆፎታቶም ኣውጺኦም ናብ ካልእ ከግዕዙዎ ውዓሉ። ብቐንዱ ከኣ፡ ኣብ ማእከል ዓዲ ተኹሲ ምስ ተኸፍተ ሰብ ቡብዝሕሾ ሃዲሙ ስለ ዝሓደረ፡ መን ኣበይ ኣሎ፧ ድሃይ ኣብ ምፍላጥ ውዓለ። ግን፡ እዛ መዓልቲ'ዚኣ ንብዙሕ ሰብ ጌጋ ግምት ክወስድ ደሪኻ እያ። ብዘይካ ውሑዳት ሰባት፡ ሰሉስ መዓልቲ'ውን ከም ሰኑይ መዓልቲ ሰላም ክውዕል ግምት ስለ ዝወሰደ፡ ንዳግማይ መጥቃዕቲ ተቓሊዑ።

ጸላኢ፡ ሰሉስ 11 መጋቢት ኣንጊሁ ናብ ጉላ ወፈረ። ኣበጋግሳኡ፡ ብወጀሃላይ ኣይነበረን፣ ኑቲ ክድምሰሶ ዝወጠነ ህዝቢ ኣብ ከበባ ንምእታው፡ ከም ሃዳናይ ብሚላን ጥቡብን ተጓዕዘ። በዚ መሰረት፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ካብ ሻኻ ወደብስራት ክነቅል ከሎ ጀሚሩ፡ ንጽርግያ መንደፈራ-ኣስመራ ንጸጋም ገዲፉ፡ ብገዳም እንዳቦናን ማይልሓምን ገስጊሱ፡ ንመንገዲ ጉላ ጸበላ ብምዕጻው፡ ንህዝቢ ጉላን ተራእምንን ብምብራቕ ድምር በሎም። ገለ ክፋል ሰራዊት ናብቲ በረኽቲ ቦታታት ብምድያብ ኑተን ክልተ ዓድታት ኣብ ምሉእ ምቊጽጻሩ ኣእተወን። ዝተረፈ ድማ ናብ ውሽጢ ዓዲ ኣትዩ ህዝቢ ከበሳብሰን ህንጻታት ከንድድን ጀመረ።

**ይቕጽል....**

**ምንጪ ትረኻ፡**

**ጉብረመድህን ደብረጽዮን ጉብረሚካኤል**

**ምሕረት ንጉሰ ካሕሳይ**

**እያሱ ሓጎስ**

**ኮሎኔል ግርማጼን (ሃጼይኑት)**

**ነጋሲ ጉብረእግዚኣብሄር**

**መጽሓፍ ታሪኽ "ምስክር ጽንዓት" ተጋዳላይ ዓንደመስቀል ክፍሉ፡**

# ምልክታ

ፍጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

1 ኣብ መንን ይግባይ በሃልቲ ወረ/ሮ/ሌ/ሮ የውሃንስ ተክለሚካኤል ዝኾነ፡ ዓወት የውሃንስ +3 መ/ወ/ ወረ/ሮ ሌ/ሮ የውሃንስ ሄኖክ የውሃንስ +5 ብይግባይ ዝረአ ክርክር ቀረቡ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ወሃብቲ፡ ቁ/1 ሄሊና የውሃንስ 2. ሚርን የውሃንስ 3. ኣዳም የውሃንስ ን01/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰም መድረኽ ሃይሉ፡ ሰም ወላዲተይ ሳባ ኣለም ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ገዛኸን ኣለም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተስፋይ ግደ ገብረሳሙኤል ምባል ተሪፉ፡ ተስፋይ ግደ ገብረሳሙኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/0726 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከሳሲ ተስፋኣለም ተኽለሃይማኖት ገ/ሂር፡ ተኸሳሲት ሰላም ጸሃይ ኣሃ/ሰላሱ፡ ናይ ፍትሕ ክፍጸመለይ ስለ ዝበለ፤ ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጽወዓለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ በረኸትኣብ ኪዳኑ ዝተፈቕደሎም ናይ ወኪል ጉዕዞ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ሰናይ ወኪል ጉዕዞ፡ (SENAY TRAVEL AGENCY) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## Notice

**Notice hereby** given to the public that "**SHIDA CLEARING AND FORWARDING Private Limited Company**" has been formed among the following members.

A. Members

| Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|
| 1. Mebrahtu Fishaye Gayem | Eritrean | Asmara | 25 |
| 2. Teberhe Tekie Berhe | Eritrean | Asmara | 75 |

B. The head office of the company is in Massawa and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea

a. To engage in the of Import and Export activities.
b. To engage in whole sale and retail trade activities.
c. To engage in the Manufacturing activities.
d. To engage in clearing and forwarding activities
e. To engage in tourism activities..
f. To engage in whole sale and retail of grains and red pepper.
g. To engage in tourism activities.

D. The company has share capital of1, 000,000.00 Nkf (One million Nakfa) divided into 100 nominative shares all subscribed and fully paid up in cash. The par value of each share is 1,000.00 Nk).

E. Mebrahtu Fishaye Gayem is appointed as manager of the company for unlimited period of time.

F. The company is established for unlimited period of time.

**SHIDA CLEARING AND FORWARDING Private Limited Company**"

## NOTICE

The Shareholders of HADERA and SONS LEATHER and LEATHER PRODUCTS Plc. in the extraordinary meeting, held on March 25, 2026, have resolved to approve the contracts of donation made by Ato Hadera Zemichael and W/ro Dehab Kubrom and their shares to be transferred to Ato Erimias Hadera and W/ro Misgana Mesfin.

Accordingly, Arts. 1 and 7 of the Memorandum of Association of the Company are amended to read as follows:

**Art. 1. Members**

| NAME | NATIONALITY | ADDRESS | SHARES |
|---|---|---|---|
| 1. ERMIAS HADERA | ERITREAN | DUBAI | 5,160 |
| 2. MISGANA MESFIN | ERITREAN | ASMARA | 2,580 |

**Art. 7. The shareholding of the members of the company is as follows**:

| S. No. | Name of Shareholders | No. of shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1 | Ermias Hadera | 5,160 | 5,160,000.00 |
| 2 | Misgana Mesfin | 2,580 | 2,580,000.00 |
| | Total | 7,740 | 7,740,000.00 |

## Notice

Notice is hereby given to the public that **Tinsae Clearing and Forwarding P.l.c** has been established among the following shareholders:

**1. Members**

| Name | Nationality | Address | No. of Shares |
|---|---|---|---|
| 1. Timnit Yemane Asegehegn | Eritrean | Asmara | 301 |
| 2. Senait Mehari Hintsa | Eritrean | Asmara | 299 |

**2. Address of the Company**

The head office of the company shall be in Asmara. The company may, however open branch offices anywhere within or outside of Eritrea.

**3. Business Objectives:**

The company shall have the following business objectives:

1. Forwarding and clearing agency,
2. Logistics and ship chandelling service,
3. General trading,
4. Whole and retail services,
5. Business of travel, tour and ticketing service,
6. Any tourism related service,
7. Repacking service,
8. Import, export, commission agent or representation of manufacture and traders, brokerage, wholesale and retail of related activities,
9. To open service units, sales office, storage facilities and administrative organs necessary for the achievement of the company objectives,
10. Any other legally permitted activities related to the business.

**4. Capital:**

The capital of the company is Nakfa six hundred thousand (600,000.00), divided into 600 ordinary shares which are subscribed and fully paid by the shareholders in cash. The par value of each share is Nakfa One thousand (1000).

**5. Management:**

**Mrs. Timnit Yemane Asegehegn** is appointed as manager of the company for unlimited period.

**6. Duration:**

The Company is established for indefinite period.

**Tinsae Clearing and Forwarding P.l.c**

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Grader Operator** |
| **Required** | **01** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine** |
| **Employment status.** | **Indefinite.** |
| **Reporting to:** | **Mining Surface supervisor.** |

The Road Grader Operator will be responsible for operating heavy machinery to construct, maintain, and repair roads and highways according to project specifications. Grader operators must follow safety procedures to prevent accidents and adhere to project timelines to ensure the timely completion of road projects.

| | |
|---|---|
| **Duties:** | • Operate the grader and other heavy equipment in a safe and appropriate manner.<br>• Perform daily maintenance and safety checks of equipment.<br>• Understand, interpret and follow directions from supervisors as to the required work area.<br>• Manipulate the controls of the road grader to regulate height and angle of the grader blade and lower scarifier to loosen packed soil.<br>• Drive grader in successive overlapping passes over working area, observing reference stakes or hand signals of assisting workers.<br>• Ensure a sound understanding of the issues involving ground disturbance.<br>• Use equipment to complete the grading process.<br>• Perform routine cleaning and maintenance on the grader to ensure it is safe and in good working order for the next shift.<br>• Report any malfunctioning equipment to supervisors.<br>• Perform routine inspection and preventive maintenance on assigned equipment.<br>• Coordinate with coworkers to ensure project specifications and safety guidelines are met.<br>• Communicate with site supervisor regarding any issues or delays.<br>• Operate other heavy machinery as needed. |
| **Formal Education** | • High school diploma or equivalent.<br>• Read and write English language. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Three to above years' experience on operating of grader and other heavy machinery. |
| **Other skill & abilities** | • Ability to work in varying outdoor weather conditions.<br>• Ability to work in a team environment.<br>• Ability to operate heavy machinery safely and effectively.<br>• Proven experience as a Road Grader Operator or similar role in mining. |
| **Key Performance Indicators:** | Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise |

**Salary:** As per Company scale.

**Place of work:** Zara Mining Share Company Koka Gold Mine Zoba Gash Barka

Additional Requirement for nationals: Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense—present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO **P. O. Box 2393**. Asmara, .

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

**Deadline** for application: 10 days from the day of announcement.

# ካብ ደብሪ ናብ ገድሊ

<u>መብራህተም ዝብረሃወት</u>

<u>ህዝባዊ ርክባት ሚ/ሪ ሕርሻ - ጋሽባርካ</u>

<u>2ይ ክፋል</u>

**· ኣብ ጉዳም እንከለኹ ደሃይ ወይ ዝሰዎት ሰድራኻ ነይሩካዶ፧**

ቅንጥብ ደሃይ ኣይነበረን። ባሕታዊ ጉዳም ምኻን ሕራይ ገይረ ተቐቢለዮ፡ ኩሉ ነገራተይ ማለት ብመንፈስ፡ ብሞራልን ስነልቦናን ኣብ እምነት ዝጠሓለ ሂወት ወሪዱ ኣነን ጉዳመይን እዩ። እንተኾነ ካልእ ወዲሉ ሓዲሩ ጸገም ሓለፋይ ብምኻኑ፡ ስድራቤትና ሓደ ክረምትን ቀውዕን ኣሕሊፎም ብጦዝዮውኑት (ብሰደት) ካብ ዝነበሩዎ 'ቅንጣፋ' ናብ ዓድና 'ሰርሓ' ተመሊሶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ደስኩዩ ኣይነበርኩን። ካብ ዝነበርናዮ ዓዲ ቅንጣፋ፡ ሕቖይ ሂበዮም ምስ ተሰወርኩ ግና ደሃይ ዝበሃል ኣይነበረን።

ካብ ዓለማዊ ናብ ሃይማኖታዊ ሂወት ተሳጊረ'የ። እቲ ምርጫ'ውን ወይ ዓድኻ ወይ እምነትካ እዩ። ሂወት ጉዳም ሂወት እምነት ስለዝኾነ፡ ጫሊዳ ሓሳብ ዝበሃል የብሉን። ደሃይ ሰድራ ዝበሃል የለን። ግዜ ተወንጫፊ እዩ። ኣብ ጉዳም ኣቡኑ ብሩኽ 4 ዓመታት ጸንሒ ኣብሊዩ። "ወድና ጠፊኡ፡ ኣብይ ኮን ኣትዩ ይኸውን" ዝብል ሻቕሎት ስድራቤትና ፈሊሑ ከም ዝኸረረ ወሽጠይ ሕሹኽ ይብለኒ ነበረ። ናይ ኣቦይ እደለ ምኻኑ፡ ናይ ነገረ ሰብኣይ 'ደንጎላ ኣብ ከብድኻ ኣእቲኻ' እዩ፡ ናይ ምጽማም ዓቕሚ ኣሎ። ናይ ወላዲት ከብዲ ግና ሓለፋ ኣለዎ። ምሕረ ርህራህን ብቑጣቑን ንሻቕሎታ መጠጡ ጥርዚ ከበጽሖ ናይ ግድን እዩ። ብትምህርቲ እናወሰኽኩ ብቑጠት እናበረኽኩ ከደኹ። ወዲ 16 ዓመት ኮይነ፡ ብጩቕ ኣለ ኣይዛረበን፡ ብቓለይ ኣይገለጽን ኣፈይ ኣየውጽኦን እምበር፡ ብውሽጠይ ኣደይ፡ ኣቦይ፡ ኣሕዋተይ፡ መተዓብይተይ እናዘከርኩ እናፍቕ። ሓቂ ይሓይሽ ዓድኻን ዓውድኻን ደርኣዩኻ፡ ዋላ እቲ ቅርጺ መሬት ኢኻ ትናፍቕ። ሂወት ጉዳም ስሩዕ ብምኻኑ ግና ኣብ ትምህርትን ጉዳማዊ ንጥፈታትን ስለ እትጽመድ፡ ዝጠዘሐ እዋን ካብ ናፍቆት እልይ የብሉ እዩ። በቲ ይኹን በቲ ግና ኣርባዕተ ዓመታት ኣቑጸርኩ። ከምቲ ልሙድ ኣብ ዬታ ገብረክርስቶስ ከምሃር ጸሓፈ ተፈዲሱ፡ ኣብ መዕረፍየይ ወይ መደቀሰየይ ከይደ በይነይ ኣብ ወሽጠይ ገለ ዕላል ኣበሰ ሓሳብ እናሰላሰልኩ፡ ሻቡ ድቃስ ሰመም ኣቢሉ ወሲዱኒ። ኣይደንገኹን ብርቋሕ ኣሉ፡ ግና ኣይነቓሕኩን። ሓሳበይ እቐጽሎ፡ ኣብ እግሪ ዳዕሮ ዝርከብ ዛሪዱ ማይ ኑበሰይ ከበራብር ክሕጸብ ደኒኑ ንጸደይን ርእሰይን ማይ ከዮቱቦ ጀመርኩ። ካብ ገጸይ ማይ ጸረር እናበለ ወዘቢ ቅንዕ ኢለ ናብ ፊተይ ጥምት እንተ ኣበልኩሉ፡ ኣብ ቅድመይ ሓደ ፍጹም ዘይተጸበኽዎ ኣጋጣሚ ተኸሰተ።

**· ቀጽል...**

ኣብ ፊት ጠመተይ ሃንደበት ምስ ኣቦይ ገጽ ንገጽ ተራኺብና "ወደይ!" ዝብል ደምጺ ሰማዕኩ። ጠሚተ ኣለልየ ሰንበደ ተደናሪቐ ብኽህሪ ከይደ "ኣቦይ!" ኢለ ጥምጥም ኢለ ተሓቝፊዮም። ሽዑ "ዋይ ዝወደይ ዝጠፋእካ መሰለና፡ ናይ ሰማያት ኣላዩና እግዚኣብሄር ኮይንካ ጸሊትካ፡ ድንቂ ዝወደይ እታ ዝማረኩኻ ተማበርካዮ" ርእሰይ እናደረዙ ዝዛረብዎ ቃላት እዩ። ምስ ኣቦይ ብሓባር ናብ'ቲ ፈለስቲ ዝበሩዎ ስፍራ ከይድና። ኣቦይ ድልየት ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ስለዝነበሮም፡ ኣቦ'ቲ ጉዳም ትምህርተይ ክቕጽል ድልየት ነበሮም።

ኣደይን ኣሕዋተይን ኣዘዮም ናፈቑመኒ ምህላዎም ግና ኣይሓብኡለይን። ኣነ'ውን ኣብ ወሽጠይ ተደጒሉ ዝጸንሐ ናፍቖት ደሪኹኒ ከምኡ'ውን ሃንደበት ምስ ኣቦይ ብምርኻበይ ግዱ እቲ ሰንበደ ዘይወጽኣለይ ኮይኑ፡ ካብ እግሪ ኣቦይ ክትርፍ ኣይመረጽኩን። ፈለስትን ተመሃሮን ሕደግ ደኣ ኣይትኸድ ኢሎም ዝመኸሩ እንተመኸሩ፡ ነጹላ ኣቦይ ምስ ሓዝኩ፡ ፍጹም ምሻኹም እየ ዝኸይድ ኢለ ኣቕበጽ። በቃ ኣይተርፍን እየ ኢለ ስለ ዝሓንገድኩ፡ ኣቦይ ምስ ጉዳም ተመያይሮም "ንኺድ በል ዝወደይ ንጠበስ" ምስ በሉኒ፡ ብሓጎስ ፍንጭሖ ክበልል ደለኹ። ዝጠዘሐ ጉዕዞና ብማኪና እዩ ዝነበረ። ኣነ ዝጉዓዝ ዝነበርኩ ብእግሪ እዩ፡ ጉዕዞ ብጉዕዞኡ ብዘይ ሳእኒ ጥራሕ እግረይ። ኣብ ጎደኒ ዝፈትዎም ክበር

ወላደየይ ብምኻን ብማኪና ምግዓዝይ ንዓይ ኣብ ሂወተይ ሓደ ደርቢ ከም ምውሳኽ ቈጸርክዎ። ከምዚ እናበልኩ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት ዓደይ ተመሊሰ፡ ግዛ ምስ ኣተኹ ተደናሪቐ፡ ኣቦይ ንዓይ ከናድዩ ኣብ ዘይብጽሕዎ ኣደባራት ኣይነበረን። ኩሉ ሃለኽምን ድኻሞምን ተራእዩኒ፡ ኣብ ግዛ ንብዮት ሰዊሩኒ። ምስ ኣደይን ኣሕዋተይን ክራኸብ ከለኹ'ውን ፈቕ ኣለ ነበሩ። ክርእዩኒ ዝመጹኡ ሰባት "ባሕታዊ ደብሪ እንቋዕ ዓድኻ ኣፍተወካ፡ እንቋዕ ብሰላም መጻእካ" እናበሉ ይስዕሙኒ። ገጹ ፈሪታ ብፈሪታ ሓጎስ ብሓጎስ ኮነት። ከምዚ እናሃለወ ባሕታዊ ጉዳም ኮይነ ክነብር ናብ ደብሪ ክምለስ ግና ድጉል ድልየት ነይሩኒ እዩ። እንተኾነ ብእተፈላለዩ ድርኺታት "ኣብ ጫካ ደብሪ እናነበርካ መንገዲ ጽድቂ ከም ምንዳይ፡ ኣብ ጫካ በረኻ እናተቓመጥካ መንገዲ ናጽነት ምንዳይ እውን ኣሎ ደዩ" ዝብል ሓሳብ ኣብ እእምሮይ ክቀላቐል ጀመረ። ኣብ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ "ምእንቲ ህዝበኻ ማሰዋእቲ ብምኽፋል ጽድቂ ይርከብ እዩ፣ የጽድቕ'ውን እዩ" ዝብል ጽሑፍ ኣንቢበ እውን ነይረ እየ። ብዚ ምኽንያት

ሓሳበይ ካብ ደብሪ ናብ ገድሊ መኣዝኑ ቀየረ።

**· ኣብቲ እዋን ብዛዕባ ግፍዕታት ጸላኢ እንታይ ትዝክር፧**

ኣዝዩ ብዙሕ ዝኸሪ ኣሎኒ። ኣብ 1975 ዓ/ም ብምኽንያት መኾሻ ኣስመራ ነይረ። ኣብኡ ዝርኣኽዎ ብጸላኢ ኣብ ንጹሃን ዜጋታትና ዝወረደ ግፍዕን ቅትለትን ብዓይነይ ተዓዚበዮ፡ ኣዝዩ ዘሰንብድን ኣብ ዓሚቝ ትዝታን ጓሂን ዘሸምምን ሕማቕ ተግባራት ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዓይነይ ስለዝርኣኹዎ፡ ከም ኩሉ ዜጋ ሕማቕ ተሰሚዑኒ። ካልእ፡ ካብ ዝዝክሮ፡ ንኣሽቱ ከለና ኮለኛ ናይ ሰራዊት ጸላኢ መካይን ተሰሪዐን ወተሃደራት ኢትዮጵያ ጸዒነን ብጽርግያ ክሓልፋ ከለዋ ንርእየን ነይርና። ወተሃደራት እናናደረፉን እናፈከሩን ይሓልፉ። ኣብ እተፈላለዩ እዋናት



<u>ተጋ/ ገብረእየሱስ ዝተመሃረላ ቤተክርስትያን እንዳ ማርያም - ሰርሓ</u>

ኩሎም ወረዶም ዘዘርኽብዎም ኩቡት ናይ ህዝቢ ወይ ሓረስቶት ሓሪዶም፡ እቲ ናይ ወሽጢ ጉሓፎም፡ እቲ ቀይሕ ስጋ ኣብ ማኪና ጸዒኖም ይወስድዎ ነበሩ። "እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው" ማለት፡ "እምቢ ዝበለ ሰብ ጥይት ኣኽልሶ" ኢሎም ሆ እናበሉ፡ ብዘርጉዕ ደምጺ ይፍክሩ። ካብኡ ሓሊፎም ሰላማውያን ሰባት ይቐትሉን የጋፍዑን ነይሮም። እዚ ኣሰቃቒ ግፍዕታት ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ ንዓና ሰንና የንክሰናን ኣዝዩ ይስምዓናን ነይሩ እዩ። ናይ ህዝቢ ነድርን ቁጠዐን እውን ኣብ ዓይነይ ተሳኢሉ ይነብር ኣሎ።

**· ብዛዕባ ገድልን ተጋደልትን ትዝታኻ ከመይ ይመስል፧**

ኣብቲ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጀሚሩስ ዓመታት ኣቑጺሩ ነይሩ እዩ። ብዕድመ ንእሽቶ ብምንባረይ ብዛዕባ ቃልሲ እዚ ዝበሃል ኣፍልጦ ኣይነበረንን። እንተኾነ ኣብ ግዛ ሰድራና ኣብ ዘረባኦም "ደቅና" ክብሉ እሰምዕ ነይረ። መን ደቅና ኢልካ እንተ ሓቲትካ "በረኻ ዘለዉ" ትብል እኽባን ሓንትን ቃል እያ ትወሃቦ። ወጽኢ ኢልካ ኣብ ምንቅስቓስካ'ውን ከምኡ ይሰምዕ እዩ። ዳሕራይ ዕድመ ምስ ወሰኽኩ፡ ኩላቶ



ቀሺ ገብረገርግስ ተፈሪን ወ/ሮ ሓጎሳ ቀሺ ተስፉን (ወለዲ ተጋ/ <u>ገብረእየሱስ)</u>

ከሰኹ ግና፡ ህዝቢ ኣብ ወሽጢ ጸላኢ ኮይኑ "ተጋደልቲ" ዝብል ቃል ክጽውዕ ወይ ክጠቅስ ሰግኣት ከምዝነበሮን ጉዳይ ድሕነት ምንባሩን ክየገዝዘበን ክፈልጥን ክኢሉ።

ካብኡ፡ ብዘተፈላለየ ድርኺታት ተጸልዩ፡ ብዛዕባ ገድሊ ክሓስብ ጀሚረ። ሃመይን ቀልበይን ናብ ገድሊ ምቁማት ኣብ ደብሪ እዩ ዝጀመረ። ብኾመይ፤ እንተ ደኣ ኢልካ፡ ኣብ ጉዳም እቐመጥ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ዜጋጠመ ተርእዮ ከዕልለኪ፡ ድሕሪት መሊሶ ደኣ ኣብ ዝኸሪ ሸሚምኪ እምበር። ዛንታ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝነበር ብ'ጥቕላል ፈትሊ' ክውከል ይክኣል'ዩ። ከም'ቲ ዝበሃል "ሰባት ኣብ ወሽጦም ዛንታ ኣለዎም፡ እቲ ፍልልይ ኣብ ምጽሓፍን ዘይምጽሓፍን ዘሎ ዓቕሚታት ወይ ክእለታት እዩ" ዝብል ኣገላልጻ ሓቅነቱ ደሚቑ እዩ ዝርኣየኒ።


**· ብትኽክል! እስከ ናብ'ቲ ዘጋጠመ ተርእዮ ንመለስ፧**

ሓደ እዋን ጸላም ተጎልቢቦም ብረት ተሓንጊጦም ዕጥቂ ዓጢቖም ኣብ ወሽጢ ጉዳም ኣትዮም ርኢናዮም። ንፈለስቲ "ንሕና ጀብሃ ኣልታሕሪር ንብሃል፡ ናጽነት ኤርትራ ከምጽእ ብዕጥቂ ብረት ንጋደል ኣሎና" ኢሎምዎም። ፈለስቲ ጉዳም ብሕቡእ ኣድረርዎምም። ድሕሪኡ እቶም ተጋደልቲ ናብዪ ገጾም ከይዶም ኣይፈለጥናን። ሻቡ ንሕና ምሉቕ ምሉቕ ኢልና መደቀሲና ሐዝና። ንዓና ተመሃሮ ሓድሽ ክስተት እዩ ነይሩ። ብወገና ብዛዕባ እንታይነቶምን ዕላማኦምን ንሓድሕድና ሕሹኽ ሹኽ እናበልና ብዙሕ ተዛራሪብና። ከመይ'ሲ ሰራዊት ሰማያት እምበር ሰራዊት መሬት ክብሃል ኣይሰማዕናን። ብዛዕባ ገድሊ ቅዱሳን መላእኽቲ እምበር ብዛዕባ ገድሊ ደቂ ሰብ ንፈልጦ ኣይነበረናን። ሓደ ካብና ዕብይ ዝበለ ተመሃራይ "ሸቕ በሉ እዚ ምስጢር እዩ" ኢሉና። ካብኡ ሓሊፉ'ውን እቶም ተጋደልቲ ብስዉር ቀስ ኢሎም "ዝኸኹም ኣይትዕጸዉ ኣፍኹም ዕጸዉ" ክብልዎም ብእዝኑ ከምዝሰምዖም እውን ኣተንብሁልና። ሽዑ ንሓድሕድና "ዋ.ሸቕ ንበል ሸቕ ንበል" ተበሂህልና ደቂስና።

**· ብወገን ወተሃደራት ጸላኢ ወይ ጦር ሰራዊትካ ምንቅስቓሳት ደርኢ ነይሩዶ፧**

እወ ደርኣዩ ነይርም እየም። ብፍላይ ጸባሕ ናይቲ ተጋደልቲ ዝመጹሉ ዕለት፡ ብጽንጽንታ ወይ ብጠለ ኣንፉቲ ሓቢሬታ ወይ'ሲ ብኣጋጣሚ መጺኦም ኣይፈለጥናን። ቀትሪ ፍርቂ መዓልቲ ምስሌነ ደርጎ ሸቃ ተኸለሃንስ በቐሊ ተሰቒሎም ምስ ኮማንደስ ዕጡቓት ሰራዊት ብዓዲ ጋርፋ ወሪዶም፡ ናብ ጉዳም ኣቡኑብሩኽ ኣትዮም ፈለስቲ ኣኪቦም። ኣብቲ ጉዳም ተመሲሖም። ድሕሪ'ዚ ምስሌነ ደርጎ ሸቃ ተኸለሃንስ ብዓዲ ጋርፋ ንመራገዚ ተመሊሶም። ሓደ ኣቦ ፈላሲ "ደቀይ ብሩኻት መንገዲ ሓብርዎም" ኢሎምና፡ ኮማንደስ (ኣባላት ሰራዊት ኢትዮጵያ ነበር) ከኣ ንሕና መንገዲ መሪሕና 'ንሻካ እያሙ' ኣብጺሕናዮም። ካብ'ዚ ኣትሒዘ እምብኣር'የ ብዛዕባ 'ደብርን ገድልን' ኣድሂበ ማንታ ሓሳብ ክሓስብ ዝጀመርኩ።

ብዘወሃኺ ደብሪ ከይምለስ ዝዓገቱ



<u>ተጋ/ ገብረእየሱስ ገብረገርግስ (ሃለቃ) - 2026</u>

ኣብ ኣእምሮይ ዝቕስቅሱ ነገራት ክስተታት ነይሮም። ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ሰበዓታት እናገደደ እዩ ዝኸይድ ዝነበረ። ህዝቢ ብሕሰም ጉጅለቲ ደባሶብሰን ይሳቐይን "ሰባት ተረሺኖም፡ ኣደታት ጠብን ተቖሪጸን፡ መንእሰያትን ቈልዑን ተሓሪዶም፡ ዓዲታት ብኣልማማ ተቓጺሎም" ወዘተ ዝብሉ ዘረባታት ንሰምዕ ነይርና። ንዓና ንመንእሰያት ድማ ሕማቕ ስምዒት ይፈጥረልና ነበረ። ሓደ እዋን ብዛዕባ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝፍጽምዎ ግፍዕታት እናኣዕለልና፡ ሃንደበት ብርቱዕ ድምጺ ንወገዕና ቀረጽዎ። ካብ ንዮሉ-ኣንበሳ ዝኣተዋ 'ኮለኛ' ሰራዊትን ስንቅን ዝጸዓና መካይን እየን። ኣቦይ ቀሺ ሰርሓ ዝምቕማጦም ካህን ኑ'ቲ ድምጺ ሰሚዖም "... ዕግርግር በዚሑ፡ ህውከት ኮይኑ፡ ሳምንተኛ ሽሕ በጺሑ" ተዛሪቦም። "ጸሎትን ምህልላን እዩ ፈውሱ" ከኣ ወሰኹ። ሓደ ካብ ደቂ ግዝውትና ኣድሓኖም ተኸለ "ሓቅ'ኹም" ብምባል ንኣቦይ ቀሺ ደጊፍዎም። ሓደ ካልእ ካብ ደቂ ግዝውትና ግና ርእሱ ኣድኒኑ ዝጸንሐ ወዲ ምሰዮና ተመሃራይ ኣስኳላ "ኣቦይ ቀሺ ምህላላ እያ ፈውሳ ኣይትብሉ" ብምባል ትብዕ ኢሉ መሊሱሎም። ኣልግብ ኣቢሉ ድማ "ሓዊ ሐዙ ንዘመጽካ ሓዊ ኢኻ ትርኳዕሉ፡ ካልእ መድሃኒት የብሉን" እውን ወሰኸ። ኣቦይ ቀሺ "ወዲ ምሰዮና ብዚይካ ሉሚ ተጋጊኻ ኣይትፈልጥን፡ እዛ ዘረባ ኣርማ" ኢሎምዎ። ንሱ ግና ክየዛድ ዝደለየ፡ ኣሺሩ ስለ ዝደርጉሖ ዳግማይ ምላሽ ኣይሃበሮን።

ኮለኛ ብዙሓ ኣንበሳ ተቐልቂለን መሬት ኤርትራ ረጊጸን። ንሕና ኣብ ዝነበርናሉ ቦታ በጺሓ፡ ብዙሓ ዘለወን መካይን ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጻኣ ብሽነኽ ዛላ ኣንበሳ ኮለኛ ኣብ ጽርግያ ተር ኢለን ተተኲዐን ደርኣየ። ብዓዲ ቀይሕ ዝመጻኣ ጦር ሰራዊት ብዘርጉዕ ደምጺ 'ሆ!' እናበሉ ይፍክሩ። ኮነ ኢሎም ብዘመልከተለይ ብመኪና ጥራት ይረግጹ፡ ኣርባዕተ መሓውሮም ቀሪጾም ኣብ መኪና ይጽዕንዎም።

ኣብ ካልኣይ ግዜ መካይን ኮለኛ እናሓለፋ ከለዋ ተጋደልቲ ጀብሃ ማለት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተኩሶም ጉድኣት ኣውረደመለን። እቶም ተጋደልቲ ቦታኦም ተመሊሶም። ሽዑ ሕነ ንምፍዳይ፡ እቶም ሰራዊት ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም። ህዝቢ ኑብሱ ከድሕን ሃዲሙ ኣብ በዓቲታት ክሰፍር ተቐሲቡ። ግዳያት ሞት ዝቐበረሉን ንብር ሓዘን ዝሕልፈሉን ዕድል'ውን ኣይረኸበን።

**ይቕጽል**

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት'ዩ



መግዛእቲ፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሃገር ወይ ህዝቢ ስልጣንካ ንምስፋሕ ዝተኣልመ ፖሊሲ እዩ። ቀንዲ ዕላማኡ ከኣ ቍጠባዊ ዕብለላ ምርግጋጽ እዩ። ባዕዳዊ ገዛኢ ፖሊሲኡ ንምስማር መሳርሒ ዝኾኖ፡ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ባህልን ልምድን ከስርጽ ይቃለስ እዩ። ገዛኢ ፖሊሲኡ ንምስራጽ ነቲ ዝጸንሐ ንቕሓት፡ ባህሊ፡ ልምድን መንነትን እቲ ህዝቢ ባሕጉጉ ከልግስ ኣለዎ። ብምህላል፡ ብምፍርራሕን ሓይልን ...። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ መግዛእትታት ከም ካልእ መግዛእትታት፡ ነዚ ክገብር'ዩ ፈቲኑ። ዜግነታዊ መሰል ከልኪሉ፡ ሰብኣዊ መሰል ግሂሱ፡ ባህልን ልምድን ሕብተረሰብ ክብርዝ ተቓሊሱ፣ ምኺን ምስ ኣበዮ ከኣ ዜጋታት ከጽንት ሃቂኑ። መንእሰይ ኤርትራ ኣንጻር ትጽቢት መግዛእታዊ ስርዓት፡ ህዝቡ ካብ መግዛእቲ ንምንጋፍ ክቃለስ ከም ዘሎዎ ኣሚኑ። ቃልሲ ንሓርነት ከቢድ ዋጋ ክሓትት ምኻኑ ብምርዳእ ንመስዋእቲ ድልዉ ኮነ። ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣንጻር'ቲ ህላውነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእተወ ባዕዳዊ ገዛኢ ብዓቢኡ እኳ እንተ ነበረ፡ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ግን ኪንዮ ሓርነት ካብ መግዛእቲ እዩ ኣምጺኡልና። እቶም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራን ንምክልኻል ልኡላውነት ሃገርን ዝተሰውኡ፡ ንኤርትራ፡ ንህቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ንመንእሰይ ወለዶታት ኤርትራ ኩለንትናዊ ሓርነት እዩ ኣጓናጺፉ። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ወገንነት፡ ተመርኳስነት፡ ውልቃውነት፡ ፍርሒን ትርጉም ኣልቦነትን እዩ።

### መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ወገንነት

ኣብ መንጎ ብብሄር፡ ኣውራጃነት፡ ሃይማኖትን ዓሌትን ዝተበታተና ሃገራት ሰፊርና እንክነስና ብሓደነት ክነብር ዘኽኣለና ጸጋ ዋጋ ተኸፊሉዎ እዩ። ስውኣትና ንወዲ ዓደይ፡ ሃይማኖተይ፡ ብሄረይ፡ ... ዘይኮነ፡ ንሃገረይ፡ ዝመጽእ ወለዶ ብሰላም ንኽነብር፡ ... ኢሎም እዮም ህይወቶም ወፍዮም። ኣብ ምሉእ ኤርትራ ኣሰር ስውኣት ኣሎ፣ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዋጋ ዝኸፈለ። ጓል ባጽዕ ኣብ ባረንቱ ተሰዊኣ፣ ወዲ ደቀምሓረ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ተሰዊኡ፣ ጓል ከረን ኣብ ፈንቅል ተሰዊኣ፣ ወዲ ኣስመራ ኣብ ግንባር ዕዲ በጊዖ ኣንጻር ወራር ወያነ ተሰዊኡ፣ እዞም ኩሎም ስውኣት ብዘይካ ሃገር ካልእ ንኹሎም ኣብ ሓደ ዘሰምር የብሎምን። መቓብር ሓርበኛታትና ምስክስር ናይዚ ትእምርቲ እዩ። ኤርትራዊ ልዕሊ ስጋይ ስጋኻ፡ ብሄር፡ ዓዲ፡ ኣውራጃ፡ ዓሌት፡ ወዘተ ክሓስብ፡ ክነብርን ዋጋ ክኸፍልን ዘኽኣሉ ስዉኣትና እዮም። ሳላኦም ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን ኮይና። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት'ዩ፡ ሓርነት ካብ ወገንነት፡ ትሕቲ ሃገርዊ ስምዒትን ምክፍፋልን። መስዋእቲ ዋጋ ሓድነትና እዩ።

### መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ተመርኳስነት

ኣብዚ ግዜ'ዚ ከምቲ ካብ 15-19 ዘመን ዝነበረ መግዛእቲ ዋላ እንተ ዘይሃለወ፡ መልክዑ ቀይሩ ንሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብፍላይ ሃገራት ኣፍሪቃ ብውሽጠ ውሽጢ ፖሊሲታቱ ምስራጽ ግን ኣይገደፈን። ሓሸሸ መግዛእቲ ዝለመዳ ሓያላት ዝበሃላ ሃገራት፡ ቍጠባዊ ዕብለላአን ንምቕጻል፡ ነቲ ብግሁድ መሬት ካልእ ሃገር እናገበታ ዝወስዳኦ ዝነበራ ጸጋታት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ቍጠባዊ ተመርኳስነት እናኾኰኮሳን እናኣዳህለላንን ይቕጽላአ ኣለዋ። ኣብዚ ሓያላት ዝኾና ሃገራት ከይተረፋ ብቍጠባ ዝሳቐያሉ ዘለዋ እዋን'ዚ፡ ብዘይ ደገፍ፡ ምጽወታን ረድኤትን ክትሰርር ኣይሕሰብን ዝብል እምነት ኣብ ኩሉ ሰፊኑ ይርከብ። በዚ ምኽንያት ብቑጠባ ድኹም ንዝበላ ሃገራት ብስም ቍጠባዊ ምድግጋፍ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርካ ምእታው ፍቱን መጻወድያ ገዛእቲ ሃገራት ኮይኑ ይርከብ። ኤርትራ ግን ካብዚ መጻወድያ ሓራ ንኽትወጽእ ዋጋ ተኸፊሉዋ እዩ። ስውኣትና፡ ምስ መትከላትና ዝሳነ ቍጠባዊ ሽርክነት ብርእሰ ተኣማማንነት ክንምስርት፡ ጸጋታት ሃገር ንዜጋታት ክመቓራሕ፡ ካብ ተጸባዩነትን ተመጽዋትነትን ሓራ ኴንና ኣብ ነብስና ክንኣምን፡ ባህሊ ስራሕን ተበግሶን ክህሉወና፡ ወዘተ ኣብነት ኮይኖምን ህይወቶም ወፍዮምን እዮም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኤርትራ ከምተን ብረድኤት ዝናበራ'ሞ መጋበርያ ኣጀንዳ ገዛእቲ ሃገራት ዝኾና ሃገራት ዘይምኳና ዕድል ኣይኮነን፣ ዋጋ ተኸፊሉዎ እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ተመርኳስነት እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ርእሰ ምርኩሳና እዩ።

### መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ውልቃውነት

ናብ ብረታዊ ቃልሲ ብንኡስ ዕድመኦም ክጽንበሩ ንዝኸዱ ኰተቴን ቈልዑን፡ "ኰንታል በሊዕካ ተመለስ፡" ብምባል ናብ ገዛኦም ከም ዝምለሱ ይግበር ነይሩ። ገለ ተጋደልቲ ድሕሪ ክልተ ሰለስተ ግዜ ምምልላስ ከም ዝተቐበሉዎም፡ ገለ ከኣ ብሓይሎም ከም ዝተጸንበሩ ኣብ ውልቃዊ ታሪኾም ንረኽቦ። ነቶም ክምለሱ ዘይክኣሉ ቈልዑ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ዝኣትዉ ይግበር'ውን ነይሩ'ዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ ብመንጽር ዓቕሚ ጸላኢ ሓደ ንዓሰርተ ከም ዝነበረ ይንገር። ኣብቲ ጽንኩር ኵነታት ሰብኣዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብልን ብሞራል ክትቅየድን ዘኽእል ብቕዓት ክህሉወካ ምኽኣል ዘደንጹ ተርእዮ እዩ። ኣብ ገድሊ "ማንጁስ፡" ዝበሃሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከዕልሉ እንከለዉ፡ ለውሃትን ፍቕርን ናይቶም ኣብ ገድሊ ዝጸንሑዎም ገዳይም ተጋደልቲ ክርስዑዎ ከም ዘይክእሉ የዕልሉ። ሓድሽ ኣባል ወይ ማንጁስ ዝሓሸ ንኽበልዕ፡ ንሳቶም ዝወሓደ በሊዖም ይትንስኡ፣ ንብረት ዝበዝሐ ዝስከሙ ንሳቶም እዮም፣ ኣብ ጉዕዞ ማይ ወይ ዝብላዕ ቀዳመነት ንማንጁስ'ዩ ዝወሃብ፣ ኣብ መጥቃዕቲ፡ ኩናት ወይ ፍሉይ ስርሒት ዝኣትዉ'ውን እቶም ዝጸንሑ ተጋደልቲ እዮም። እዚ ባህሪ ነቶም ብዕድመ ናኣሽቱን ሓደስትን ብፍሉይ ዝንጸባረቕ ባህሪ ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ኩሉ ዛንታ ስወራ ኤርትራ ብጻይነት ቀንዲ መለለዩ ተጋዳላይ እዩ። "ኣነ ክጸምእ ንስኻ ስተ፡ ኣነ ክስዋእ ንስኻ ጽናሕ፡" ንእዝንና ሓድሽ ሓረግ ኣይኮነን። ኣብ ከክንዳና ክጠሚ፡ ክጸምእ፡ ክሃልኽ፡ ዕድመኡን ዕድሉን ክብጁ፡ ህይወቱ በጃ ክኸፍል ምስ ርኣኻ፡ ኣባኻ ዝዓቢ ስምዒት መዐቀኒ የብሉን። እዚ ስምዒት'ዚ ከኣ'ዩ ብተደጋጋሚ ኤርትራዊ ንስለ ሃገሩ ክብጆን ንናይ ሓባር ዕላማ ክሳዋእን ዘኽእሎ ዘሎ። ካብ ኣነ ቅድም፡ ንበይነይ ንዓይ ይጥዓሚ፡ እንታይ ገደሰኒ ካልእን ውልቃዊ ስምዒታት ሓራ ክንወጽእ፡ ትዕድልቲ ኣይኮነን፣ ዋጋ ተኸፊሉዎ እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ነብሰ ፍትወት፡ ውልቃውነተን ኣነነትን እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ብጻይነትና እዩ።

### መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ፍርሒ

ሰብ ክነብር ካብ ዝገብሮ ቃልስታት፡ እቲ ዝጸንከረ ካብ ሞት ንምህዳም ዝገብሮ ቃልሲ እዩ። እዚ ሰብኣዊ ባህሪ'ዚ ከኣ ከም ፍርሒ ዝኣምስሉ ስምዒታት ክህሉወና ገይሩ። ፍርሒ ባህርያዊ ስምዒት እዩ። ፍርሒ ብህይወት ክንሰርር እምበር፡ እንኣምነሉ ዓይነት ህይወት ክንመርሕ ዝሕግዝ ባህሪ ኣይኮነን። እኳ ድኣ ካብቲ እንኣምነሉ ህይወት ከይንነብር ክገትእ ይኽእል እዩ። ገዛእቲ ከኣ ነዚ ሰብኣዊ ስምዒት ብምምዝማዝ፡ ንዝገኡዎ ህዝቢ፡ ብራዕድን ፍርሕን ካብ ዝኣምነሉ መትከላት ዝረሓቐ ህይወት ከም ዝመርሕ ይገብሩ። ራዕድን ፍርሕን ቀንዲ መሳርሒ ገዛእቲ ስርዓታት ኣብ ኤርትራ ምንባሩ ምሉእ ታሪኽና ምስክር እዩ። ይኹን እምበር፡ እዚ'ውን ኣይሰረሐን፣ ዘየዳ ንህዝቢ ኤርትራ ከርዕድን ከፍርሕን ዝተፈተነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘያዳ ተባዕን ተጻዋራይን ይኸውን። ትብዓትን ጽንዓትን ክሰርጽ ግን መስዋእቲ ተኸፊሉ እዩ። ስውኣትና ንመትከሎም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ቈርበቶም ክሳብ ዝቕለጥ ተገሪፎም፣ ብኤለትሪክ ኣካላቶም ሓሪሮምን ብጥይት ተመጢሎምን፣ ብላዕሊ ብደዳብ ነፈርቲ ብታሕቲ ከቢድ ብረትን ታንክታትን ተለብሊቦም፣ ዓድታት ነዲዱ፣ ወለዲ ኣብ ክንዲ ብደቆም ዝሕገዙ ኣብ ክንዲ ደቆም ተኣሲሮምን ተጋፊዖምን እዮም። እዝን ካልእን ሜላታት ራዕድን ፍርሕን ግን ኣይሰረሐን። ምስ ሞት ፊት ንፊት ዝገጠመ ሰብ እንታይ ዓይነት ሓርነት ክህሉዎ ይኽእል፧ ክመውት ዘይፈረሀ ብዝኣነሉ መተከላት ክነብር እንታይ ይእግሞ። ኤርትራዊ ተባዕን ጽኑዕን ክኸውን ብኣጋጣሚ ዝመጽአ ኣይኮነን፣ መስዋእቲ ተኸፊሉዎ እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ፍርሕን ራዕድን እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ትብዓትና፡ ርእሰ ተኣማንነትናን ጽንዓትናን እዩ።

### መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ትርጉም ኣልቦነት

ኤርትራዊ፡ ኪንዮ'ቲ ማንም ሰብ ክነብር ዝቕስቦን ኣብ ህይወቱ ትርጉም ዝህቦን ዕላማ ዘሎዎ እዩ። እቶም ዝተሰውኡ ሕሩያት፡ ክነብሩሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳዕ ህይወቶም ክውፉዩሉ ዝድርኾም ሓያል ዕላማ ረኺቦም። ዝተሓተትዎ ዋጋ ከኣ ከፊሎ። እቶም ዝተረፉን ዝቐጸሉን ወለዶ ከኣ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክነብሩን ንትርጉም ዘሎዎ ዕላማ ክሰውኡን ቅሩባት ኮይኖም። ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ኤርትራ ዝተገብረ መኸተ፡ ሕድሪ እቶም ዝሓለፉ ሰማእታት ንምትግባር ህይወቶም በጅዮም፣ ተሰዊኦም። "ኤርትራ ከመይ ዝበለት ሃገር'ያ ዘዘመጽአ ወለዶኣ ዝሰውኣላ፡" ኢሎም ዝግረሙ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብዚ ብትርጉም ኣልቦነት ዝናወጽ ዘሎ ዓለም፡ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክንበር ከቢድ እዩ፣ ኤርትራዊ ግን ኪንዮኡ ሓሊፉ ኣብ ትርጉም ዘሎዎ ዝስዋእ እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ "ኣብቲ ንምንባሩ ዘጽልእ ኵነታት ከመይ ገይሮም እዮም ሕጉሳት ነይሮም፣" ኢልካ ምስ እትሓትት፡ እቲ ዝነብሩዎ ዝነበሩ ህይወት ዘይኮነ፡ ትርጉም እቲ ዝቃለሱዎ ዝነበሩ ቃልሲ ክንዲ መግቢ፡ ማይ፡ ዕረፍቲ፡ ውላድ፡ ዕድላትን ሕልምን ምኻኑ ስለ ዝፈለጡ እዩ። ሰብ ክነብር እናተቓለሰ፡ መዓልታዊ ምስ ሞት ክትጓነጽ ምምራጽ፡ ትርጉም ህይወት ዳግማይ ክትሓስበሉ ዝቕስብ እዩ። እዚ ከኣ ስውኣትና ዘስረጹልና ደረጃ ልቦናን ብልሕን እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ካብ ትርጉም ኣልቦነት እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ትርጉምናን ቦታታናን ኣብ ሃገራና እዩ። መስዋእቲ ዘለዓለ መረጋገጺ ፍቕሪ ሃገር እዩ። መስዋእቲ ዋጋ ኤርትራ እዩ!

## ኣይነበረን በይኑ

እምባ ደንደን ኳዕናን
ዘይፈልጥ ምድናን
እተን ዝደየባኦ ሸኾና
ተሓጊዘን ድየን ወይሲ ንበይነን ይኾና፧

ነቲ ሃሩር ህሮሩማ ቀትሪ
ነቲ ከትከት ቀዝሒ በረድ ቁሪ
ዝተጻወሮ ቀርበት
መን ኮን ሓጊዙዎ
ንቀዝሒ ኣሚቑ ንሃሩር ዘብርድ፧

እቲ ጉንዲ እቲ ጥሉል ዓንዲ
እቲ ደናጉላ እቲ ጉዳጉዲ
እንግድዓ ድዩ ተሰኪሙዎ፣ ንሱ ድዩ ኩዒቱዎ
ወይስ ዝሕግዞ ካልእ ነይሩዎ፧

እቲ ቦምባታት ኣኻውሕ ዘምክኽ
እቲ ምረት ንኹሉ ዝመልኽ
ከመይ ገይሩ ኣዳም ሰጊሩዎ
ንበይኑ ድዩስ ሓጋዚ ነይሩዎ፧

እንግድዓ ድኣ ሕቘ ከም ሰቡ
እሞ ድማ ማይ ጨው ዝቐለቡ
ሸኾና ድኣ መሓውር ከም ዓለሙ
ዝሕምሸሸ ብጥይት ተሃሪሙ
ቀርበት ድኣ ቀርበት'ዩ ከም ህዝቡ
ዝቃጸል ጸሓይ ተሃሪሙ
ዝጨማደድ ማይ እንተሃሪሙ
ከመይ ገይሩ ሓጋዚ ዘይብሉ
ተኣምራት ክፍጽም ንበይኑ፧

ነይሩዎ እምበር፡ ሓጋዚ ደጋፊ
ኣብ ቀርበቱ ንባሩድ ዝነፊ
ከይመስለኩም ጉልበት ተቓለስቲ
ንበይኑ ዝፈጸመ ትእምርቲ።

ነቲ ኣኻውሕ ነቲ ተሪር መሬት
መንፈስ እምበር ኣይኳዓቶን ጉልበት
ኣብቲ እምባ ዓቐበ ቁልቁሉ
ሞራል እምበር እግሪ'ዶ ዘሊሉ
እቲ ሽልቀ እሳቱ ሃሩሩ
ብጽንዓት እምበር ብጽላል'ዶ ተሰጊሩ
እቲ ኣይሂ ዝናብ ጥይት ሓዊ
ብዕላማ'ዩ ሰጊሩዎ መርሃዊ
ኣይነበረን በሉ ከም ሰብ ንበይኑ
ንጥይት ዘስሕት ፍጥነት ብርሃን ኮይኑ
ኣይምሰልኩም ተኣምር ፍጥረቱ
ዕላማ'ዩ ብልሒ ናይ ስሕለቱ።

**ኣማኑኤል በርሀ** - 2010

# ስፖርት


ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ዮናስ ሃይለ (ፒፖ)
ጨ/ዜ/መ/ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል

## ተቓዳዳማይ ብሽክለታ ስውእ ገብረሂወት ገብሩ (ሻንቆ) መን’ዩ፧

ዞሚካኤል ገብረሂወት ገብሩ (ሻንቆ) ይብሃል። ኣብ 1965 ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ እዩ። ዕድመኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ከም ኩሎም መዘኡ ኣብ መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማሕበር ሓዋርያት፣ ማእከላይ ደረጃ ከኣ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወወክማ (ዕዳጋ ሓሙስ) እንዳ ማርያም ተኸታቲሉ።

ዞሚካኤል፡ ምሕር ስምዒት ቅድድም ብሽክለታ ስለ ዘለዎ፡ ሰንበት መጸ ውድድር ክዕዘብ ብንግሆኡ እዩ ኣብ ቦታ ጸወታ ዝርከብ ነይሩ። ምስ ግዜ ከኣ፡ ፍቕሪ ብሽክለታ ኣብ ልቡ እናዓበየን እናጠጠዐን ምስ ከደ፡ ብ1979 ዓ/ም ኣብ መደብ ተራ ብሽክለታ



(ህጻናት) ተመዝጊቡ ውድድር ‘ሀ’ ኢሉ ፈሊሙ።

ብኡ መጠን ብቐዓቱን ክእለቱን እናማዕበለ ምስ ከደ፡ ብ1981 ዓ/ም ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ዘውዲ ሻምፕዮና ናይቲ ዓመት እቲ ክደፍእ በቒዑ።

ብድሕሪ’ዚ ዞሚካኤል (ሻንቆ)፡ ናብ ማእከሎት ብምስጋር ብቕዓቱ እናማዕበለ ፈተውትን ደገፍትን እናጥረየ ክሳብ 1983 ዓ/ም ተቓዲዱ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ከም ሰኣላይ ዝሰርሕ ዘሎ ገዲም ተቓዳዳማይ ብሽክለታ ተፈሪ ተኽለ ብዛዕባ ዞሚካኤልን ናይ ቅድድም ብሽክለታ ብቕዓቱን ክገልጽ እንከሎ፡ “ምስ ዞሚካኤል (ሻንቆ) ካብ ተራ ብሽክለታ ብሓንሳብ ኢና ጀሚርና። ሻንቆ፡ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር (ቮላታ) ሓያል እዩ ነይሩ። ባህሪኡ ድማ፡ ፍቱውን ኣዝዩ ዝደንቕ ጠባይን ነይሩዎ።” ክብል ይገልጽ።

ስውእ ዞሚካኤል ገብረሂወት (ሻንቆ)፡ ኣብ እዋን ንእስነቱ ከም ኩሎም ኤርትራውያን መሳቱኡ ፍቕሪ ናይታ ተወሊዱ ዝዓበየላ ሃገር ኣብ ልቡ ክዓብን ፖለቲካዊ ጽልዋ ክሓድሮን ግዜ ኣይወሰደሉን። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ኣብ ዓይኒ ካድረታት ደርጊ ብምእታው፡ ቅድሚ ናብ ሜዳ ምጽንባሩ ኣብ ቤት ማሕቡር ሰምበል ንትሽዓት ኣዋርሕ፡ ኣብ ማርያም ግቢ ንክልተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ወንጀል መርመራ ከኣ፡ ንክልተ ሳምንቲ ተኣሲሩ እዩ።

ብድሕሪ’ዚ እምበኣር ‘ካብ ሳዕሳዕካ ተቐጻጻ’ ከም ዝበሃል፡ ኣንፈቱ ናብቲ ኣንጻር መግዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝካየድ ዝነበረ ሓርነታዊ ቃልሲ ብምግባር፡ እኛሙ ከበርክት ምስ ብጾቱ ምስ ብዓል ሓድሽ በላይን ተፈሪ ተኽለን ብምኳን፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 1983 ዓ/ም ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ተጸምቢሩ።

ኣብ ሜዳ ድሕሪ ወተሃደራዊ ታዕሊም ምዝዛሙ፡ ኣብ ክፍሊ ዜና ተመዲቡ ምስ ሰርሐ ብደሕሪኡ ናብ ሓይልታት ተመዲቡ። ብ10 ጥቅምቲ 1985 ዓ/ም ድማ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ (ፊደል ፐ) ብጅግንነት ምስ ጸላኢ እናተጠማጠመ ሂወቱ ነታ ተወሊዱ ዝዓበየላ ኤርትራ ወፍዩላ።

## ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ስውእ በረኸት በርሀ (ገበሬ)

ካብ መፋርቕ 90ታት ኣትሒዙ ምስ ክለብ ኣባሻውል ካልኣይ ዲቪዥን ዝተጻምበረ፡ ካብ ሓላዊ ልዳት ክሳብ ኣብ ኩሉ ሸነኻት ሜዳ ከድምዕ ዝኽእል



ካብቶም ፍሉያት ወይ ሳሕቲ ዝርከቡ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ከምዝነበረ ኣፍቀርቲ ናይቲ ዓውዲ የዘንትዉሉ።

ምሉእ ስሙ በረኸት በርሀ ይብሃል፣ ብቕጽል ስሙ ገበሬ ኢሎም ይጽውዕዎ። ኣብ 1974 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ በረኸት፡ መባእታን ካልኣይ ደረጃን ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዶግዓሊን ቅድስቲ ማርያምን ድሕሪ ምክትታል ኣብ 1995 ድማ ማትሪክ ወሲዱ።

ገበሬ፡ ኂ ኂ ትምህርቱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ክኮጥፍ ጀሚሩ። ንፈለማ ግዜኡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ክጻወት ጀሚሩ።

ኣብ መፋርቕ 90ታት ኣትሒዙ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዝፈለመ በረኸት፡ ብተጻዋታይ ክለብ ዓወትን ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራን ዝነበረ ኣማኑኤል ካሕሳይ (ሻወል) እትእለ ዝነበረት ክለብ ኣባሻውል ናብ መሳርዓ ጸምቢረቶ። ኣብ 1997-98 ከኣ፡ ምስዛ ጋንታ ብምኳን ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል ኲይኑ ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ሰጊሩ። ካብቶም ዝሓደ ጸወታ ዘንጸባረቑን ጻዕረኛታትን ኣብኪታውያን ተጻወትቲ ሓደ ምንባሩ ደቂ ጋንታኡን መተዓብይቱን የዘንትዉ።

በረኸት፡ ኣብ 1995 ማትሪክ ድሕሪ ምፍታኑ፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ምስ ሳልሳይ ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ኂ ኂ ታዕሊምን ፖለቲካን ኣብ ዝካየዱ ዝነበሩ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ኩዕሶ እግሪ ንሳልሳይ ክፍለ ሰራዊት ወኪሉ ብምጽዋት ዝሓደ ጸወታን ዓወትን ምምዝጋቡ፡ መተዓብይቱን ደቂ ጋንታኡን ኣባላት ሳልሳይ ዙርያ ዝነበሩ ነጋ ኣሰፋውን ጎይትኦም እስቲፋኖስ (ድንሽ)ን ይገልጹ።

በረኸት፡ ናይ ሓደ ዓመት ግቡኡ ፈጺሙ ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ፡ ኣብ 1998 ጸውዒት ሃገር ክተት ምስ ተኣወጀ ኣብ ኮር 2001 ክፍለ ሰራዊት 22 ካልኣይ ብርጌድ ቀዳማይ ቦጦሎኒ ኲቲቱ። ኣብ ወራር ወያነ ድማ፡ ከም መራሒ መስርዕ ብምኳን ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ወራራት ኣብ ዐና ሸሓትን ጸሊም ቀላይን ኣብ ዝተኻየደ ውግኣት ብጅግንነት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን። በረኸት (ገበሬ)፡ ኣብ 2000 ዓ/ም ምስ ኣሃዱኡ ክፍለ ሰራዊት 22 ተጠርኒፉ ናብ ዓሰብ ገዪዙ። ስፖርታዊ ውድድራት ናይቲ ክፍለ ሰራዊት ኣብ ዝተኻየደሉ ከኣ፡ ኣብ ናይ ቦጦሎኒን ብርጌድን ከም ሓለቓ ጋንታን ተሓጋጋዚን ኮይኑ ንሓደ ዓመት ተጻዊቱ።

ኣብ 2004፡ በረኸት፡ ምስ ክለብ ንስሪ (ናይ ግንባር) ብምምራጽ፡ ከም ኣከፋፋሊ ኮይኑ ልዑል ኩዕሶ ኣብ ምምንጣልን ዝሓዛ ኩዕሶ ናብ ኣጥቃዕቲ ኣብ ምሕላፍን ፍሉይ ጥበብ ነይሩዎ። ኣብ ጸወታ ዘይርበሸን ንደቂ ጋንታኡ ኣብ ምርጋእ ዓቢ ግደ ዝነበሮን በረኸት፡ ትሕትናን ዘዘውትሮን መኸበሪ ሱበን ብምንባሩ፡ ብኣባላት ጋንታኡን ብሓፈሻ ብኣባላት ክ/ሰራዊት 22 ፍቱው ምንባሩ፡ መጻውትቱ ዝነበረ መሓሪ ኢሳቕ ንድሕሪት ተመሊሱ ይዝክር።

ገበሬ፡ ብኢንስትራክተር ኩዕሶ እግሪ ኩብሮም ኪዳን ንዝተዋህበ ስልጠና ዳንነት ድሕሪ ምውሳዱ፡ ኣብ ናይ ኣሃዱ ውድድር ከም ማእከላይ ዳኛ ኮይኑ ብብቕዓት መሪሑ እዩ።

ስውእ በረኸት በርሀ (ገበሬ)፡ ብዙሓደሮ ሕማም ኣብ 2021 ተሰዊኡ። ስነ ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ቤተ ሰቡ፡ ፈተውቱን ስፖርታውያንን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

## ኣሰልጣኒ ቅድድም ብሽክለታ ሙሴ ኣስሄል፡ ስውኣት ሳሚኤል ክብሮምን ዓብዱላሂ ኢማምን

ምስ ጅግና ስውእ ሳሚኤል ኩብሮም፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት 1992 ኣብ ጋንታ ሓይሊ ኤለክትሪክ ማለት (ኤልፓ) ከም ደቂ ጋንታ ሓቢርና ተቓዲዲምና። ቅድሚኡ’ውን ብሓደ ብምኳን ኣብ ክፍሊ ህጻናት ኣብ ሓደ መደብ ንቀዳደምን ልምምድ ንገብርን ስለዝነበርና፡ ወላ’ኳ ሃሳስ ይኹን እምበር፡ ናይ ሳሚኤል ጡብላሕታ ኣለኒ።

ተቓዳዳማይ ብሽክለታ ዝነበረ ሳሚኤል፡ ብዕድመ መሰታይ ኮይኑ፡ ኩለንተናዊ እሩም ባህሪ ነይሩዎ። ስፖርታዊ ስነ-ምግባር ዘሎዎ ኮይኑ ንኽፍኣቢ፡ ልዑል ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩሉ ቀንዲ ድማ፡ ወላዲቱ ወይዘሮ ለተኺዳን ጉብረሚካኤል እያ። ምንም ከምዘይጎድሎ ኣሐንቂቓ ዘዕበየት ወላዲት እያ።

ወይዘሮ ለተኺዳን፡ ንሳሚኤል ወዳ ጥራይ ዘይኮነት ንኹልና መቓዳድምቱ



ጅግና ስዉእ ዓብዱላሂ ኢማም

ንዝነበርና ከም ደቃ እናርአየት ትሕብሕበና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውድድር ዘይተኣደነ ምትብባዕ ትገብረልናን ከምዝነበረት ኪይሓበርኩ ክሓልፍ ኣይደልን።

ሳሚኤል፡ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዝልለየሉ ዝነበረ ዝያዳ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር’ዩ። ብተወሳኺ ዘውዳደረላ ዝነበረ ብሽክለታ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ብሉጻት ካብ ዝነበራ ‘ኣላን ፓቲስቲኒ’ እትብሃል ውሑዳት ተቓዳደምቲ ሰብ ጸጋ ካብ ዝውንኑወን ዝነበረት እያ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ዝብሎ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ምስታ ኣደ ኩሉ ተቓዳዳማይ ዝነበረት ወላዲቱ ዝዓበየ ሳሚኤል፡ ኣብ 1994 ምሳይን ምስ ስውእ ዓብዱላሂ ኢማምን ብሓባር ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎትና ንምፍጻም ምስ ቀዳማይ ዙርያ ናብ ሳዋ ኣምሪሕና።

ግቡእና ዛዚምና ምስ ተመለስና፡ ሳሙኤል፡ ናብ ውድድር ተመሊሱ ከምዝነበረ እዝክረኒ። ኣብ 1998 ኣብ እዋን ወራር ወያነ ሃገር ንምድሓን ጸውዒት ሃገር ተቐቢሉ ድሕሪ ምኽታቱ ከኣ፡ ኣብ መጋቢት 1999 ኣብ ካልኣይ ወራር ኣብ ግንባር እግሪ መኸል ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ኣብ መበል 24 ዕድመኡ ብጅግንነት ተሰዊኡ።

ምስ ስውእ ዓብዱላሂ ኢማም’ውን፡ ኣብ 1992-93 ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ጋንታ ኤልፓ ማለት ኤለክትሪክ ንፋልማይ ከም ደቂ ጋንታ ሓቢርና ንውዳደር ከምዝነበርና ሃሳስ ተዘክሮታተይ ህሉው ኣብኡት ይጉብሮ።

ዓብዱላሂ፡ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ዓወታተይ ዝለዓለ ተራን ኣበርክቶን ካብ ዝነበሮም ኣባላት ጋንታይ ሓደ እዩ። ዓብዱላሂ፡ “ንሹም ተዓወቱ ጥራይ እምበር ሓላፍነት ስራሕ ናይ ጋንታ ናባይ ግደፉዎ፡ ካብኡ ሓሊፈ እንታይ’ዶ ክምልእ እየ” ዝብል ንናይ ግሉ ረብሓን ዓወትን ዘይሓስብ ፍቱውን ብሉጽን ምሩጽ ወዲ ጋንታይ’ዩ ነይሩ።



ኣሰልጣኒ ቅድድም ብሽክለታ ክለብ ዓራግ - ሙሴ ኣስሄል

ጋንታና ኤልፓ ትረኽቦ ዝነበረት ዓወታት፡ ዳርጋ ኣብ እንግድዓ ዓብዱላሂ እዩ ነይሩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ሓደ ካብ ኣባላት ጋንታና ምስ ንውሓት ግዜ ስሙ ክዘክሮ ዘይከኣልኩ፡ “ኣንታ ዓብዱላሂ ኩሉ ጻር እምበር ናብ ዝባንካ ጌርናዮ” ኢሉ ኣብ ጋንታ ንዝጉብረልና ደገፍ ንምድናቕ ምስ ተዛረበ፡ “ኣነ’የ ይቕሬታ ክሓተኩም ዝጉብኣኒ እምበር ንሽኹም ደኣ እቲ ዝድለ ነጥቢ እናምጻኹም ከምኡ ዝበሃል ዘረባ ንጸው በሎ” ኢሉ ክብል እዩ መሊሱሉ። ወዲ ኢማም፡ ናይታ ጋንታ ስራሕ ጥራሕ ዘይኮነ ዝሸፍን፡ ምሉእ መዓልቲ ክሰርሕ ውዒሉ ኣብ መዘዞሚ’ውን ብዘይንጥቢ ወጺኡ ኣይፈልጥን ነይሩ።

ባህርያት ዓብዱላሂ፡ ዓቃል፡ ካብ ብዙሕ ምዝራብ ዝቑጠብ፡ ኣብ ደቂ ጋንታኡ ይኹን ደገፍቱ ሓፈሻዊ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ዝነበሮ ኣኽብሮት መዳርግቲ ዘይነበሮ፡ ኣብ ጋንታና ፍቱውን ክቡርን ኣብነታዊ ተቓዳዳማይ እዩ ነይሩ።

ዓብዱላሂ፡ ድሕሪ’ቲ ምሳና ሓቢሩ ኣብ 1994 ናብ ሳዋ ምውራዱ፡ ተመሊሱ ዳግማይ ናብ ቅድድም ብሽክለታ ኣትዩ ነይሩ። ኣብ 1998 ወራር ወያነ ምስ ኣደ ኣሃዱኡ ኮር 271 ተጠርኒፉ ብምስታፍ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ተኸላኺሉ። ኣብ 1999 ከኣ፡ ኣብ ካልኣይ ወራር ኣብ ግንባር ዛላምበሳ እግሪ መኸል ኣብ ዝነበረ



ጅግና ስዉእ ሳሚኤል ኩብሮም

ርሱን ውግእ ምእንቲ’ዛ ሃገርን ህዝባን ብጅግንነት ተሰዊኡ።

እዞም ወትሩ ካብ ሕልናይ ዘይእለዩን ወትሩ ብመንፈስ ካባይ ዘይፍለዩን ብዕድመ መሳቱ ዝኾኑ ጀጋኑ ናይ ንእስነት መቀዳደምተይን ደቂ ጋንታይን ዝነበሩ፡ ክልቲኦም ኣብ ሓደ ቦታን ወርሕን ዓመተ ምህረትን ምስውኦም ፍሉይ ይጉብሮ።

ሳሙኤል ኩብሮምን ዓብዱላሂ ኢማምን፡ ምእንቲ ድሕነት ሃገርናን ህዝብን ክቡር ሂወትኩም ዝወፈኹም ጀጋኑ ኢኹም’ሞ ወትሩ ኣብ ልብና እዩ ሰፊርኩም ክብል ድማ፡ ሙሴ ኣስሄል ብዛዕባ’ኦም ኣዘንትዩ።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና ዓወት ንሓፋሽ!**

**መደብ ጸወታ**
**ሎሚ**
**ናይ ምድብ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026**
**ኣመሪካ - ኣውስትራልያ 10:00 ድ.ቀ**
**ቀዳም**
**ስኮትላንድ - ሞሮኮ 1:00 ቅ.ቀ**
**(ወጋሕታ)**
**ብራዚል - ሀይቲ 3:30 ቅ.ቀ**
**ቱርኪ - ፓራጓይ 6:00 ቅ.ቀ**
**ሆላንድ - ሽወደን 8:00 ድ.ቀ**
**ጀርመን - ኣይቮሪኮስት 11:00 ድ.ቀ**

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከቲመን



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፔዝሽኪያንን፡ እቲ ኣብቲ ዞባ ክቕጽል ዝጸንሐ ኲናት ብቐጥታ ደው ንምባሉ ኣብ ዘኽእል 14 ነጥብታት ዝሓዘ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ ክታሞም ከም ዘነበሩ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ሓቢሩ።

እቲ ሰነድ፡ ንሊባኖስ ሓዊሱ ኣብ ኩሉ ግንባራት ማእከላይ ምብራቕ ዝቕየድ ግጭት ደው ክብል፣ መጻብቦ ሆርሙዝ ንንግዳውያን መራኽብ ን60 መዓልታት ብዘይ ክፍሊት ክፉት ክኸውን፣ ኣብቲ ማያዊ መስመር ተጻዊዱ ዘሎ ነተጉቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክእለ ዝጠልብ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ካብን ናብን ወደባት ኢራን ዝገበር ምንቅስቓስ መራኽብ ኣጺዩዎ ዝጸንሐት እገዳ ክተልዕሎ፣ ኢራን ዳግማይ ሰደድ ነዳዲ ንኸትጅምር ፍቓድ ክትህብ፣ ደስኪሉ ዘሎ ፈናንሲያዊ ሕሳባት ኢራን ክትለቐን ምስ መሻርኽታ ብምትሕብባር ንዳግመ ህንጻት ኢራን ዝውዕል ናይ 300 ቢልዮን ዶላር መደብ ከተብግሰን ዝብል ነጥብታት ዘጠቓልል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ዝተፈረመ ሰነድ፡ ኢራን ኑክሌሳዊ ኣጸዋር ከይተማዕብልን ከይትሽምትን ዝኽልክል ምዃኑ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ኣረዲኡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሻህባዝ ሸሪፍ፡ እቲ ስምምዕ ብቐጸበ ተግባራዊ ኮይኑ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እንተ ኾነ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ሰበ ስልጣን ኢራን ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ብምልኣት እንተ ዘይኣኽቢሮሞ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዳግማይ መጥቃዕቲ ከም ዝጅምር ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ ኢሉ'ኸሎ፡ ወላኳ ጉዳይ ሊባኖስ ኣብ ስምምዕ ኣመሪካን ኢራንን እንተ ተጠቓለለ፡ እስራኤል ግና ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ዝጀመረቶ መጥቃዕቲ ኸ ትቕጽሎ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።

በዚ ከኣ፡ እቲ ዶናልድ ትራምፕ ዝጀሃረሉ ዘሎ ስምምዕ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ስግኣት ከም ዘሎ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ የመልክቱ።

## ትራምፕ ንመራሕቲ ሩስያን ቻይናን ሞጉሱ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ መራሕቲ ቻይናን ሩስያን ኣብ ኲናት ኢራን ኢደም ብዘይ ምእታዎምን ጸግዒ ብዘይ ምሃቦምን ከም ዝመጐሶም፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ትራምፕ ኣብ መግለጺኡ፡ "ንፕረዚደንት ቻይና ዚ ጂንፒንግ ከመስግኖ እደሊ። ንሱ ኣብ ኲናት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ፈጺሙ ወገን ኣይሓዘን። በዚ ድማ ኣድንቖ፡" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ከምኡ'ውን ንመራሒ ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ከመስግኖ እደሊ። ጸገም መምጽኢልና ነይሮም" ክብል ተዛሪቡ።

ሩስያን ቻይናን ምስ ኢራን ጥቡቕ ርክብ ከም ዘለወን እዩ ዝንገር።

ሩስያ፡ ኲናት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ውድድር ኑክሌሳዊ ኣጸዋር ከስዕብ ከም ዝኽእል ከተጠንቅቕ ምጽንሓ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቻይና፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ብዝኻየደቶ መጥቃዕቲ ንልኡላውነት ናይታ ሃገር ከም ዝገሃሰት ብምግላጽ እኳ እንተ ኾነት፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ግና፡ መራሒ ቻይና ነቲ ግጭት ኣብ ምፍታሕ መራሕ




ፑቲን ኣብቲ ውግእ ናይ ዝኾነ ወገን ጸግዒ ኣይሓዘን። ብሓፈሻ ክልቲኦም መራሕቲ ዘይሻራውያን እንተ ዘይነብሩ ነይሮም ብዙሕ ተራ ከም እተጻወተ ብምግላጽ ከም ዝመጐሶ እያም ምስተን ሃገራት ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

## ቤላሩስ ንዩክሬን ተጠንቂቓ

ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ፡ ኣብ ሩስያ - ኣብ ልዕሊ ካብ ቤላሩስ ዝመጹት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ህጻናት ዝሳፈረት ኣውቶቡስ ቀታሊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ እቲ ፍጻመ ሃገሩ ኣብ ግጭት ዩክሬን ብቐጥታ ክትሳተፍ ንምድፋፋእ ዝዓለመ ሸርሒ ምዃኑ ገሊጹ።



በቲ ኣብ ዞባ ብራያንስክ - ሩስያ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓንቲ ሰበይቲ ክትመውት እንከላ፡ ሽዱሽተ ህጻናት ዝርከብዎም ሸሞንተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ቤላሩስ ሓቢሮም።

ፕረዚደንት ሉካሸንኮ ኣብ መግለጺኡ፡ "እቲ ኲናት ኣብ ደባትና እዩ ዘሎ" ድሕሪ ምባል፡ ዩክሬን ንእትገብሮ ዘላ ምጥሓስ ስምምዓት ኮኒኑ።

ዝኾነ ኣካል ንሃገሩ ናብ ኲናት ንኺቱ ከእትዋ ምስ ዝፍትን ድሙ፡ ክቡር ዋጋ ከተኽፍሎ ምዃኑ፡ ሉካሸንኮ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ዩክሬን ብወገና፡ ነቲ ዝተባህለ መጥቃዕቲ ከም ዘይፈጸመቶ ብምግላጽ፡ ሓላፍነት ከም ዘይትወስደሉ ኣፍሊጣ'ላ።

## ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሩስያ መጥቃዕቲ ተካይድ

ዩክሬን ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት መጻረዪ ነዳዲ ሩስያ ንኻልኣይ ግዜ መጥቃዕቲ ድሮን ከም ዘካየደት ሓቢራ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርገይ ሶብያኒን፡ "ሓይልታት ምክልኻል ኣየር ሩስያ ብዙሕ መጥቃዕቲ ድሮን ዩክሬን ከምክኑ ይፍትኑ ኣለዉ። እንተ ኾነ ገለ ድሮናት ዩክሬን ኣብ ልዕሊ መጻረዪ ነዳዲ መጥቃዕቲ ክፍጽማ ክኢለን ኣለዋ፡" ኢሉ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ፡ 555 ድሮናት ዩክሬን ከም ዘበርዓን ገሊጹ።

ኣገልግሎት ዜና ሩስያ ድማ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሩስያ ካብ ዝተኻየደ መጥቃዕትታት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ኲናት ክልቲአን ሃገራት ካብ ዝጀመረ ልዕሊ ኣርባዕተ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፡ ዩክሬን ንመሳለጥያታት ጸዓት ሩስያ ዒላማ ክትገብር ከላ፡ ሩስያ ድማ ኣብ ልዕሊ ከተማታት ዩክሬን መጥቃዕቲ ሚሳይል ተካይድ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዞባ ሞስኮ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እዚ መጥቃዕቲዚ፡ ፍትሓዊ መልሲ ግብሪ ናይቲ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ከተማታትናን ህዝብናን ዘካየደቶ መጥቃዕትታት እዩ" ኢሉ።

ብዘይካዚ፡ በቲ ኣብ ከተማ ሞስኮ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ኢንዱስትርያዊ ትካልን ብርክት ዝበለ መንበሪ ኣባይትን ዕንወት ከም ዝወረዶም፡ ከንቲባ ናይታ ከተማ ሰርገይ ሶብያኒን ወሲኹ ገሊጹ።

ድሕሪቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ኩለን መዕርፎታት ነፈርቲ ሞስኮ በረራታት ደው ክብል እንከሎ፡ ኣብ ከባቢ እቲ መጻረዪ ነዳዲ ዝርከብ ጸርግያ ድማ ንግዜኡ ተዓጽዩ ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ወሲኹ ኣመልኪቱ።



## ፊንላንድ፡ ኣብ ልዕሊ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ዝጸንሐ እገዳ ተፍርስ

ፊንላንድ፡ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ኣብ መሬታ ከይጽወድን ከይኽዘንን ክኽልክል ንዝጸንሐ ሕጊ ከም ዝሰረዘቶ፡ ዝኾነ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ብልኡላዊ ግዝኣታ ክንቀሳቐስ ወይ ኣብ ግዝኣታ ክጸንሕ ከም ዘኽእል ዝሓለፈ ረቡዕ ኣፍሊጣ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ስጉምቲ ተግባራዊ ክኸውን እንተ ኮይኑ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ኣሌክሳንደር ስቱብ ብኽታሙ ክጸድቖ ከም ዘለዎ፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ኣመልኪቱ።



ባይቶ ፊንላንድ፡ እቲ ስጉምቲ፡ ንጸጥታ ናይታ ሃገር ዘሐይል ምዃኑ ክገልጽ እንከሎ፡ ገለ ሰብ መዚ ግና፡ እቲ ስጉምቲ ንፊንላንድ ንኒዩክለሳዊ መጥቃዕቲ ከቃልዓ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቖም።

እቲ ካብ ባይቶ ናይ'ታ ሃገር 125 ናይ ደገፍ ድምጺ ብምርካብ ዝጸደቐ እማመ፡ ፊንላንድ ናብ መሬታ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ከተእቱ፡ ብመሬታ ኣቢላ ከተሰጋግር ወይ ኣብ መሬታ ክትክዝን ዘፍቅድ እዩ።

ሚኒስተር ምክልኻል ፊንላንድ - ኣንቲ ሃካነን በቲ ውሳኔ ዝተሰምዖ ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ሓድሽ ስጉምቲ ንጸጥታ ሃገሩ፡ ብሓፈሻ ከኣ ንጸጥታ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዘሐይል ምዃኑ ገሊጹ።

መንግስቲ ሩስያ፡ ምጽንባር ፊንላንድ ናብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን፡ መቐጸልታ ናይቲ ኔቶ ንሃገሩ ኣብ ከበባ ንምእታው ከካይዶ ዝጸንሐ ምስፍሕፋሕ ምዃኑ እዩ ዝወቅስ።

ኣፈኛ መንግስቲ ሩስያ ዲሚትሪ ፔስኮቭ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ፊንላንድ ናብ ግዝኣታ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ክኣቱ ብምፍቃዳ ከተሰግኣና ጀሚራ ኣላ። ከተፈራርሓና እንተ ፈቲና ድማ ኣብ ልዕሊኣ ግቡእ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና" ክብል ኣጠንቂቑ።

ኣስታት 1340 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ናይ መሬት ዶብ ምስ ሩስያ ዘለዋ ፊንላንድ፡ ኣብ ሚያዝያ 2023 ናብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ከም እተጸንበረት ይዝከር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ገዛ ኸኒሻ | 19/6/26 | ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ		ቁ.ቴሌፎን 127565